
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.206 | ሰሉስ 29 ሚያዝያ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2 — ዜና

ገጽ 3 — “ሸልማት ‘ሬተውራሪ’፡ መንፍዓትናን ክንቅጽል ዝደረኸና ህያብ፡ዩ” ተሸላሚት ተማሃሮ

ገጽ 4 — ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም ብመንጽር ረኽሲ ዘስዕቡ ታህዋስያን




ገጽ 5 — መምህር ኣማረ፡ ተዘካርን ተጠቃስን ጸሓፊ




ገጽ 11 — ሃገራዊ ቅድድም ማኪናን ሞተርን ብሸክለታን ተኻይዱ




## ደ/ቀ/ባሕሪ - መንእሰያት ሰራሕተኛታት ናብ ታሪኻዊ ቦታታት ዑደት ኣካይዶም

ምብጻሕ ናብ ታሪኻውን ልምዓታውን ቦታታት፡ ኣፍልጦ ዘስፍሕን ታሪኽ ዘሰንቕን ስለዝኾነ፡ ብስራዕን ቀጻልነት ብዘለዎ መገድን ክውደብ፡ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ከተማ ዓሰብ ኣዘኻኺሮም።

እዚ ዝተሓበረ ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት መንግስትን ግጉፍርን ዝሰርሑ ልዕሊ 300 መንእሰያት፡ ብ26 ሚያዝያ ናብ ግንባር ቡሬን ደፋዓት ዱሕቲምን ኣብ ዝበጽሑሉ ኢጋጣሚ’ዩ።

ታሪኽ ንሕሉፍን ህሉውን ብምርኻብ ናብ መጻኢ ዘሰጋግር ድንድል ከምዝኾነ ዝገለጹ’ቶም መንእሰያት፡ ከም ሰንሰለት እናተኣሳሰረን እናተወራረሰን ክኸይድ ስለዝግባእ፡ ታሪኽን ተመኩሮን ዘውርሱ መደባትን ንጥፈታትን ብዘለዓለ ክስራሓሉም ተማሕጺኖም።

ኣብ ገድሊ ንጽጽት ይኹን ገድሊ ምውሓስ ልኡላውነት ደሚቑ ዝተራእየ ታሪኽ ጅግንነት፡ ተበጃውነት፡ ሓድነትን ብጻይነትን ወለዶታት ብዝዮሮእ ክፈልጥዎ፡ ክወርስዎን ክዕቅብዎን ምእንቲ፡ ታሪኽ ናብ ዝተሰርሓሉም ቦታታት ምብጻሕን ምስ ሱብ ውዕሎ ምርኻብን፡ መድረኻዊ ዕማም ከምዝኾነ ኣገንዚቦም።

ንሳቶም ወሲኾም፡ ታሪኽና ኣብሰጭለጭቲ ቃላትን ሓረጋትን ሱዑ ኣቀራርባታትን ስለዘየድልዮ፡ ነቲ ኣብ ዘሐለፎን ምዕራፋት ገድሊ ዝተሰርሐ ታሪኽ፡ ዝተኻእጸፍናዮ ዓወታትን ኣብኡ ዘበጽሐ ክብርታትን ምጉላሕ ከምዝድሊ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ’ቲ ኢጋጣሚ፡ ኣብ ግንባር ቡሬን ደፋዓት ዱሕቲምን ልኡላውነት ንምውሓስ ዝተራእየ ጅግንነትን ቁራጽነትን ዝተኸፍለ ሪዚን ዋጋን ዝምልከት መብርሂ ብሱብ ውዕሎ ተዋሂቡ።

እቲ ዝተኻየደ ኩናት፡ ኣንጻር ግዚፍ ዓቕሚ ጸላኢ ጥራይ ዘይኮነ ኣንጻር ባሕሪውን ምንባሩ ዝጠቐሱ’ቶም ሱብ ውዕሎ፡ ብወርቃዊ ቐለም ዝተጻሕፈ ታሪኽ ከምእተሰርሐ ገሊጾም።



## ኣህጉራዊ መዓልቲ ድሕነት፡ ብደረጃ ሃገር ተዘኪራ

28 ሚያዝያ - ኣህጉራዊ መዓልቲ ድሕነት፡ “ብሓባራዊ ጻዕሪ ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን ነውሕስ” ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ፋብሪካ ‘ረድ-ሲ-ቦትለርስ ሼር ኮምፓኒ’ ማለት ፋብሪካ ኮካ ኮላ ተዘኪራ።

ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ዕዮ ኣቶ ወልደየሱስ ኤሊሳ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ናይ ለምዘበን ኣህጉራዊ መዓልቲ ድሕነት፡ ብደረጃ ዓለም ምስ ሰብሰርሓ ብልሒ ብዘተኣሳሰር ቴማ፣ ብደረጃ ሃገርና ግን ኣፍልጦን ንቕሓትን ብምዕባይ፣ ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታት ኣብ ቦታ ስራሕ ንምርግጋጽ ብዘተኩረ ቴማ ትብዓል ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ ኣፍሲ-ወከፍ ናይ ስራሕ ቦታ ዘጋጥም ሓደጋን ሕማምን፡ ብሰንኪ ዘይውሑስ ተግባርን ኩነታትን ዝኸሰት ኩይኑ፡ ከም ሳዕቤኑ - ዕለታዊ ምስ ስራሕ ዝተኣሳሰር ጉድኣት ይበዝሕ፣ ክሳራ ሰብን ርእሰማልን የጋጥም፣ ፍርያምነት ድማ ይጎናደብ ብምህላው፡ ኣብ ኩለን ትካላት ኮሚተታት ድሕነትን ጥዕናን ክቖማ፣ እተን ዘለዋ ድማ ክሕይላ ጸዊዑ።

ብቐዐ ናይ ስራሕ ድሕነትን ጥዕናን፡ ከምኡ’ውን ኣገልግሎት ቁጽጽር ኩነታት ስራሕ ክህሉ ከምዝድሊ ዝጠቐሰ ኣባል ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ኣቶ ሃይለ ተስፉሚካኤል ብወገኑ፡ ኣብ ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ ቁጽሪ 118/2001፡ ኣገዳስነት ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ቦታ ስራሕ ንምርግጋጽ ክውሰዱ ዘለዎም ስጉምትታት፡ ብዝርዝር ሰፊሮም ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ መዛዘሚ፡ ኣብ ኣድላይነት ምምስራት ኮሚተ ድሕነትን ጥዕናን ብደረጃ ትካል ዝምልከት ኣስተምህሮ ክወሃብ ከሎ፡ ተሳተፍቲ ንንጥፈታት ከምኡ’ውን ኩነታት ድሕነትን ጥዕናን ፋብሪካ ‘ሬድሲ ቦትለርስ ሼር ኮምፓኒ’ ተዓዚቦም።

ኣህጉራዊ መዓልቲ ድሕነት፡ ሎሚ ዓመት - ብደረጃ ዓለም ንመበል 22፣ ብደረጃ ኤርትራ ድማ ን2ይ ግዜ’ያ ትዝከር ዘላ።




ስእሊ - የውሃንስ መብራህቱ

## ኣፍዓበት - ንመንእሰያት ሞያዊ ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ኣፍዓበት፡ ንደቂ ሰውኣት ከምኡ’ውን ዝኾነታማትን ጸገማትን መንእሰያት፡ ን4 ኣዋርሕ ስልጠና ስርሓት ዕንጸይትን ጸርበት ሐጺንን ብጾሳ ተዋሂቡ።


ሰልጠንቲ፡ ምስ ምምሕዳራት ከባቢን ካልኦት ዝመልከቶም ኣካላትን ብምትሕብባር ዝተለለዩ ምኻኖም፡ ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ ሓቢሩ።

ሓላፊ’ቲ ቤት-ጽሕፈት መሳ መሓመድ ሰዒድ፡ ነቲ ስልጠና ንዝዘለበ ትካል ስርሓት ዕንጸይትን ጸርበት ሓጺንን ‘ኢልኣፍራሕ’ ብምምስጋን፡ ካልኦት ትካላትን ሱብ ጻጋን ኣሰራ ክስዕቡ ተላቢዩ።

ዋና’ታ ትካል ኣቶ ሃይሰም ሓምድ ብወገኑ፡ እቲ ስልጠና ኣብ ዝተፈላለየ ዲዛይናት፡ ዓይነት ማሽናትን ኣገልግሎቱን፡ ከምኡ’ውን ምስራሕ በየይኑ ንብረት ዘጠቓለለ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ድሮ ካብቶም ሰልጠንቲ ናይ ስራሕ ዕድል ዝረኸቡ ከምዘለው ገሊጹ።

## ተጋዳላይ ገብረመስቀል ኪዳነ ተሰዊኡ

ጉዳም ተጋዳላይ - ሌተናል ኮሎኔል ገብረመስቀል ኪዳነ ወልደስላሴ፡ ትማሊ 28 ሚያዝያ ኣብ መበል 72 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ 1973 ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ገብረመስቀል ኪዳነ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ብሞያ ሕክምና ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ሆስፒታላት ውድብን፡ ከምኡ’ውን ኣብ ኢጋር ሰራዊትን ህዝባዊ ምምሕዳርን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ክሳብ ብደረጃ ሓላፊ ኣውራጃ ብምኻኑ ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ’ዩ።

ጉዳም ተጋዳላይ - ሌተናል ኮሎኔል ገብረመስቀል ኪዳነ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ክልተ ደቂን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ ሰዓት 4፡00 ድሕረቐትሪ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ብምስዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ - ሌተናል ኮሎኔል ገብረመስቀል ኪዳነ ወልደስላሴ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ይምነ።

## ዜና

# ባጽዕ - ንኣስታት 240 ዜጋታት ዕዉት መጥባሕቲ ዓይኒ ተኻዪዱ

ኣብ ሆስፒታል ባጽዕ፡ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ሆስፒታል ባጽዕ፡ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒን ፕሮጀክት 'ኪዩር ብላይንድነስ'ን ካብ 21 ክሳብ 26 ሚያዝያ ንኣስታት 240 ዜጋታት ዕዉት መጥባሕቲ ዓይኒ ተኻዪዱ።

እቶም መጥባሕቲ ዝተኻየደሎም፡ ካብ ንኡሳን ዞባታት ገልዓሎ፡ ፎሮን ባጽዕን ዝመጹ'ዮም።

እቲ ወፍሪ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ናቕፋ፡ ኣፍዓበትን ጊንዳዕን ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ወፍሪ ምዃኑ ዝገለጹ ኑቲ 11 ሓኪይም ዝተሳተፍዎ ወፍሪ ዝመርሐ ክኢላ መጥባሕቲ ዓይኒ ዶ/ር እዮብ በዮ፡ ን236 መጥባሕቲ ሓበላ ክትዩድ ከሎ፡ ጸገማት ዓጽሚ-ዓይኒ፡ ግላኮማ፡ ኩልመትን ካልእን ንዘለዎም 450 ዜጋታት ድማ መርመራታት ከም'እተኻየደን መድሃኒት ከም'እተዓደለን ሓቢሩ።

ሜዲካል ዳይረክተር ሆስፒታል ባጽዕ ዶ/ር ዘሙይ መኮነን ድማ፡ ኣቐዲሙ ኣብ'ተን ንኡሳን ዞባታት ዳህሳስ ከም'እተገብረ ብምብራህ፡ ሳላ ተወፋይነት ሓካይምን ምሉእ ምትሕብባር ምምሕዳራት ከባቢን እቲ ወፍሪ ዕዉት ከምዝነበረ ኣብሪሁ።

ንጉጅለ ሓካይም 'ኪዩር ብላይንድነስ' ጠርኒፋ ዝመጸት ኣባል ቦርድ ዳይረክተራት ዶ/ር መንግስ ባይሩ ብወገኑ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ኣስመራ ጥራይ ተሓጺሩ ዝነበረ ንጥፈታት ናይ'ቲ ፕሮጀክት፡ ናብ ርሑቕ ከባቢታት ንምስፋሕ ቀድሚ ክልተ ዓመት ዝጀመርዎ መደብ ወጽኢት ከም'እተረኽበ ብምሕባር፡ እቲ ዕማም ምሉእ ብምሉእ ብኤርትራውያን ክኢላታት ምኻዩዱ ድርብ ዓወት ከምዝኾነ ገሊጹ።

ተሓኪምቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ ወፍሪ - ብዘይፈላለየ ምኽንያታት ዜጋጥም ዑረት ኣብ ምንካይ፡ ከምኡ'ውን ክሳብ ኣስመራ ንምኻድ ንዘበርሆም ኩሉመዳያዊ ሃልኪ ኣብ ምቕላል ዓቢ ኣበርክቶ ከምዝነበሮ ገሊጾም።

ኣቐዲሙ፡ ኣብ ሆስፒታላት ናቕፋ፡ ኣፍዓበትን ጊንዳዕን ን539 ዜጋታት ዕዉት መጥባሕቲ ዓይኒ ተኻዪዱ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ።



ስእሊ - ኢብርሂም ዑመር

# ጊንዳዕ - ፕሮጀክት ማይ ሑጺት - ዓድ-ነበብ ተመሪቑ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡ ብኣስታት 2 ሚልዮን ናቕፋ ዝተዋደደ ፕሮጀክት ጽሩይ ዝስተ ማይ ሑጺት - ዓድ-ነበብ፡ ብ22 ሚያዝያ ተመሪቑ።

ኣብ'ቲ ስነስርዓት፡ ሓላፊ ኣገልግሎት ማይ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ዳኒኤል ክፍለማርያም ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ እቲ ልዕሊ 4 ኪሎሜተር ዝዝርጋሕን 5 መዐደሊ ነቑጣታት ዘጠቓልልን ፕሮጀክት፡ ቀረብ ጽሬቱ ዝተሓለወ ማይ ኣውሒሱ ከምዝሎ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪት ምምሕዳር ከባቢ 03 ወ/ሮ ጅምዓ ዓብደላ ብወገና፡ ነቲ ፕሮጀክት ኣብ ምትግባር ገዝኦውን ጉልበታውን ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ድሕሪ ምምስጋን፡ ግቡእ ምሕደራን ሓለዋን ክግበረሉ ከምዝድሊ ኣገዲሳ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ዑመር ያሕያ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ፕሮጀክት ማይ ሑጺት - ዓድ-ነበብ ኣካል ናይ'ቲ መንግስቲ ዝሃገሐ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምስፋሕ ዘካይዶ ጻዕሪ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሳላ ወሀደት ህዝብን መንግስትን ኣስታት 85 ሚእታዊት ካብ ነበርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ተጠቀምቲ ጽሩይ ዝስተ ማይ ከምዝኾኑ ኣረዲኡ።

ነበርቲ ብወገኖም፡ ጽሬቱ ዝተሓለወ ማይ ኣብ ኣፍደገ ገዛኦም ክስትዩ ብምብቅዖም ዝተሰመዖም ሓጎስ ብምግላጽ፡ ንምዕቃብ ኩሉ ካብኦም ዝሕተት ከምዝገብሩ ኣረጋጊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ውልቀሰባትን ኣካላትን ናይ ምስጋና ወረቐት ምስክር ተዓዲሉ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ዓዲቐይሕ - ንመምህራን ቁጽርን ቋንቋ እንግሊዝን ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ኣብ 28 ናይ መጀመርታን ማእከላይን ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ቁጽርን ቋንቋ እንግሊዝን ንዝምህሩ 70 መምህራን፡ ብ25ን 26ን ሚያዝያ ስልጠና ተዋሂቡ።

እዚ ብቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝተወደበ ስልጠና፡ ብምኩራትን ጉዳይምን መምህራን ዝተዋህበ ኩይኑ፡ ድኽመት ንምፍዋስ ዝዓለመ ከምዝነበረ ተሓቢሩ።

ተጉዳእቲ ስልጠንቲ ጽቡቕ ምንባሩ ዝሓበሩ ሱፐርቫይዘር ትምህርቲ - መምህር ዛይድ ተኽሉ፡ ንዘቐሰምዎ ፍልጠት ብግቡእ ከምዝሰርሑሉ ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር በየነ ተስፋይ ብወገኑ፡ ንኣገዳስነት ስልጠና ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብምጥቃስ፡ እቲ ስልጠና ቀጻልነት ከምዝህልዎ ኣፍሊጡ።

ስልጠንቲ ብወገኖም፡ ኣብ መጻኢ ዝውደብ ተመሳሳሊ ስልጠናታት ኣብ እዋን ምጅማር ትምህርቲ ክኸውን ኣዘኻኺሮም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ 2ይ ደረጃ ዘምህሩ 52 ትካላት ትምህርቲ ኣለዋ።



ስእሊ - ሚልዮን ኣፈወርቂ

# ብምኽንያት በዓል ናጽነት፡ ውድድር መኪናን ሞቶር-ብሽክለታን ተኻዩዱ

ብምኽንያት ጽንብል መበል 34 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ብሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም መኪናን ሞቶር ብሽክለታን ዝተወደበ ሃገራዊ ውድድር፡ ብ27 ሚያዝያ ኣብ ኣስመራ - ከባቢ ቤት-ገርግሽ ተኻዩዱ።

ኣብ'ዚ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣፍቀርቲ ስፖርት ብኣካል ዝተዓዘብዎን ብኤሪ-ቲቪ ን34 ሰዓታት ብቐጥታ ዝተፈነወን ውድድር፡ ኣብ ሰለስተ ምድብ ምስ ደቂተባዕትዮ ተሓዊሰን ዝተወዳደራ ሰለስተ ደቀኣንስትዮ፡ 10 ተቐዳደምቲ ሞቶር ብሽክሌታ፡ ከምኡ'ውን 10 ጀመርቲ ዝርከብዎም ብጠቕላላ 73 ተቐዳደምቲ ተሳቲፎም።

በዚ መሰረት፡ ካብ ሓደ ሽሕ ሲሲ ክሳብ 2 ሽሕ ሲሲ 63 መካይን ኣብ 8 ምድብ፡ ከምኡ'ውን ናይ 125ን 175ን ሲሲ 10 ሞቶር ብሽክሊታ ኣብ ክልተ ምድብ ተወዳዲረን።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ኩሉ ምድባት ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።



ስእሊ ክብሮም ጸሃየ

# “ሸልማት ‘ፊተውራሪ’፡ መንፍዓትና ክንቅጽል ዝደረኸና ህያብ’ዩ” ተሸለምቲ ተማሃሮ

የናታን የዕብዮ
ኣ/ዜ/ኤ/ዞባ ማእከል
ሰላሳይ የውሃንስ መብራህቱ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ብምውህሃድ ሃማመተኤ፡ ምምሕዳር ዞባን ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርትን፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓመተ ትምህርቲ 2023/2024 ብሉጽ ወጽኢት ዘመዝገቡ ተመሃሮ ሸልማት ፈተውራሪ ንመበል 4ይ ግዜ ተዓዲሉ። እቲ ኣብ ኣዳራሽ G-3 ኤክስፖ ዝተኻየደ ምዕዳል ሸልማት፡ ካብ 90% ንላዕሊ ነጥቢ ዘመዝገቡ 241 ብሉጻት



ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን

ተመሃሮ'ዩ ተዋሂቡ። ካብ'ቶም ተሸለምቲ፡ 61% ደቂ ኣንስትዮ እየን። እቶም ተሸለምቲ ተማሃሮ፡ ካብ ምሉእ ዞባ ማእከል ዝመጹ ኮይኖም፡ ሕቑፍ ዕንባባ ዝሓዙ ወለዶምን ፈተውቶምን ድማ ብዕልልታን ጣቕዒትን ኣሰነዮሞም።

ፈለማ ኑቲ ኢጋጥሚ ኣመልኪቱ ናይ መኽፈቲ ቃል ዘሰምዐ ሓላፊ ጨንፈር



ኣቶ ሳምሶም ክፍለ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጊብር እዩ። መም/ በላይ፡ ንብሉጻት ተመሃሮ ዘወሃብ ሸልማት ፈተውራሪ፡ እቶም ተሸለምቲ ኣብ ትምህርቶም ዝያዳ ክፍዕዉ መተባብዒ ኣብ ልዕሊ ምዃኑ፡ ወለዶም እውን ፍረ-ጻዕሮም ዝርእዩሉ እዩ። ብዘይካዚ፡ ካልኦት ተመሃሮ እውን ኣብ ትምህርቲ ክግደሱ ቅዱስ ቅንኢ ዘሕድር ምዃኑ ገለጸ። ንሱ ኣስዒቡ፡ ተሸለምቲ ተማሃሮ ረኺቦምዎ ዘለዉ ሸልማት ፈተውራሪ፡ ብናታቶም ጻዕሪ ናይ መምህራኖም ልዑል ምክትታል፡ ከምኡ ድማ ዘይሕለል ሓልዮትን ምኩባኽባን ወለዶም ምዃኑ ብምግላጽ ንኹሎም የቐንየልና ድሕሪ ምባል፡ ብቐጻልነት ብኣሉታ ካብ ዝጸልዉ ነገራት ብምርሓቕ ኣብ መጻኢ ኣብርቲዖም ክጽንዑ ኣዘኻኺሩ። ወለዲ'ውን ተመሃሮ ደቆም ብሩህ መጻኢ ከምዝለዎም ተገንዚቦም፡ ምስ መምህራን ዘለዎም ዝምድና ከሐይሉ ኣተሓሳሰበ።

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ትምህርቲ ብዓይነት ንምምሕያሹ ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ንዝወጸ ብደረጃ ዞባ ዝውደቡ ሞያዊ ዓቕሚ መምህራን ንምዕባይ ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ስልጠናታት ብቐጻሊ ከካይድ ጸኒሑን ኣሎን” ዝበለ መምህር በላይ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ዝያዳ ዕወታትን ብሉጻትን ተማሃሮ ንክፈርዩ ዝሰለዉ ሕጽረታትን ብድሆታትን ኣብ ምፍታሕ፡ ጻዕርታቶም ብዝሓየለ ከምዘቐጽልዎ ሓቢሩ።

ቀጺሉ ቃሉ ዘሰምዐ ሓላፊ ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ብጻይ ሳምሶን ክፍለ እዩ። ሃማመተኤ፡ ካብ ቃልሲ ንናጽነት ኣትሒዙ “ብኩሉንትናኡ ብቑዕ መንእሰይ ምህናጽ” ዝብል መሪሕ ቴማ ብምሓዝ ከምዝሰርሐ ጠቒሱ፡ ሕጂ'ውን ትምህርቲ እምነ-ኩርናዕ ምዕባለን ስልጣንን ምዃኑ ብምእማኑ፡ መንእሰያት ተመሃሮ ኣብ ትምህርቲ ዘለዎም ተገዳስነት ክዕንብን ክበርኽን፡ ምስ ኩሎም መሻርኽቱ፡ ብፍላይ ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ድልዱል ዝምድና ብምምስራት፡ ዝተፈላለዩ ናይ ምትብባዕ መደባት ከካይድ ከም ዝጸንሐ ገለጸ። ሎሚ ዓመት ንመበል 4ይ ግዜኡ ንብሉጻት ተማሃሮ ዝዕደል ዘሎ ሸልማት ፈተውራሪ ድማ፡ ኣብኡት ናይ'ቲ ኣብ ምኽሳብ ኣፍረይቲ ዜጋታት ዝካየድ ዘሎ ጻዕርን ወጽኢቱን ስለ ዝኾነ፡ ንኹሎም ተሸለምትን ወለዶምን የቐንየልና ኢሉ።

ብመሰረት ሓበሬታ ብጻይ ሳምሶን፡ ናይ 2025 ሸልማት ፈተውራሪ ካብ'ቲ ዝሓለፈ ዓመታት ክወሃብ ዝጸንሐ ፍልይ ዝበለ፡ ንዩም ኣብ ከተማን ገጠርን ዘለዉ ተማሃሮ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣተዓዳድላ እዩ። በዚ መሰረት፡ እቶም ካብ ገጠራት ዞባ ማእከል ዝመጹ፡ ካብ 90% ንላዕሊ ነጥቢ ዘምጽኡ ተማሃሮ ክሽለሙ ከለዉ፡ እቶም ካብ ከተማ ኣስመራ ዝመጹ ተማሃሮ ድማ፡ ካብ 95% ንላዕሊ ነጥቢ ዘምጽኡ ተሸሊሞም። ሃማመተኤ ምስ መሻርኽቱ ብምውህሃድ፡ ኣብ ምንቅቓሕ ተማሃሮ ዘድሃበ ዝተፈላለየ መደባት ሰሪሑ ከምዘተጥፍ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ማዕረ ማዕረኡ'ውን በብግዚኡ ዓቕሚ መንእሰያት ዘዕቢ ሞያዊ ስልጠናታት ክህብ ከምዝጸንሐ ኣቶ ሳምሶን ብዝወሃኽ ሓቢሩ።

ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ሸልማት ፈተውራሪ፡ 3 ደቂ-ኣንስትዮን 2 ደቂ-ተባዕትዮን ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ምሉእ ነጥቢ (100%) ብምምጻእ ተሸሊሞም ነይሮም። ንሳቶም ድማ ዋንጫ፡ ታብሌትን ሜዳልያን ተሸሊሞም። ብወገንና፡ ንምስጢር ዓወቶምን ጻዕሮምን ክገልጹልና፡ ንገለ ካብኣቶም ተወኪስና ነይርና።

ፈለማ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ተማሃሪት 9ይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ደምበዛሞባል ዝኾነት ፍናን ኣሰፍሃ ኢና ተወኪስናያ። ተማሃሪት ፍናን፡ ቅድሚ ዝኣገረ ኑቲ ሸልማት ክትበቕዕ ንዝሓገዝዋ ወላዳን መምህራናን ብምምስጋን፡ ምስጢር ዓወታ ድማ ግዜኣ ብግቡእ ስለ ዝተጠቐመትሉን ልዑል ርእሰ ምትእምማን ስለ ዘለዋን ምዃኑ ትሕብር።

ተመሃሪት ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ሓርነት ኤክራም ሰዒድ ብወገና፡ ምሉእ ነጥቢ ኣምጺኣ ኣብዚ ሸልማት ክትዓትር ምብቅዓ ዝተሰምዓ ሓጎስ ድሕሪ ምግላጽ፡ እቲ ሸልማት ንቀጻሊ ጉዕዞ ትምህርታ ደርኺት ዝፈጠረላ፡ ኣብ ማትሪክ'ውን ብሉጽ ነጥቢ ኣምጺኣ ናብ ኮሌጅ ክትኣቱ ተስፋ ዘለዋ ከምዘለዋ ገሊጻትልና።

ሚእቲ ካብ ሚእቲ ብምምጻእ ዝተሸለመት ተማሃሪት 9ይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ እምባዕራ ሰዶን ረድኢ እውን፡ ኣብ ጀነራል ሚእቲ ካብ ሚእቲ ኣምጺኣ ዋንጫ፡ ታብለትን ሜዳልያን ዝተዓደለት እያ። ንሳ ኑቲ ዓወት ዝበቕዐት፡ ሳላ ዘይሕለል ሓልዮትን ምክትታልን ወለዳ ከምኡ'ውን ውልቃዊ ጻዕራ ምዃኑ ጠቒሳ፡ ብፍላይ ኣቦሓጎኣ ኣቶ ታደሰ ጉብረዝጊ፡ ብቐጻሊ እናተኸታተለን እናተባብዐን ዝገበረላ ደገፍን ሞራልን ብፍሉይ ኣመስጊናን። ኣብ ዝቐጸል



ደረጃታት ትምህርታ ድማ፡ ብዝለዓለ ነጥቢ ተመሪቓ፡ ንህዝባን ሃገራን ክትክሕስ ዘለዋ እምነት ገሊጻ።

ተማሃራይ 9ይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ልምዓት ዘሎ ኣቢናዳብ ወልደጻዮን እውን፡ ምሉእ ነጥቢ ኣምጺኡ ኑቲ ብሉጽ ሸልማት ምዕታሩ፡ ልዑል ፍናንን ሓጎስን ከምዝተሰምዖ ብምግላጽ፡ ንወለዱን መምህራኑን ኣመስጊኑ። በዚ ረኺቡዎ ዘሎ ብሉጽ ነጥቢ ተተባቢዑ፡ ዝቐጽል ትምህርቱ ብዓወት ክዛዝም ኣብርቲዑ ከምዝጽንዕ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ናይ ሸልማት ስነ-ስርዓት፡ ቤት ትምህርቲ ማእከላይ ደረጃ ዓዲ ጓዕዳድ፡ ካብ ኩለን ገጠራት ኣብያተ ትምህርቲ፡ ክሳብ 99% ዘለዎም ዝበዝሐ ቁጽሪ ተሸለምቲ ከተብርክት ብምኽኣላ፡ ፍሉይ ሸልማት ተዋሂባ።

ወለድን ቤተሰብን ተሸለምቲ፡ ኣቶ ሃብተስላሰ ቀለታን መንእሰይ መኣሱራ ሰዒድን ከምቲ “ሓረስታይ ዝዘርኦ'ዩ ዝዓጽድ” ዝበሃል፡ ኣብ'ዚ ዕለት፡ ስድራቤታት ተሸለምቲ ተማሃሮ፡ ፍረ-ጻማ ናይ'ቶም ካብ ንእሽተቶም ጀሚርና ክሳብ'ዚ ደረጃ'ዚ ከሰኽዕን ዘዕበዮኦም ደቀን ኩሓፍሳ ስለ ዝረኣዩ፡ ብስም ኩሎም ወለዲ የቐንየልና ኢሎም። ኣቶ ሃብተስላሰን መንእሰይ መኣሱራን ሕጂ'ውን ኩሎም ወለዲ፡ ብሩህ መጻኢ ደቆም ብትምህርቲ ኣብ ምርግጋጽን ብልጽግናን ሕፍርትን ሃገር ኣብ ምህናጽን ኣብርቲዖም ክሰርሑ ኣዘኻኺሮም። በብግዚኡ ንብሉጻት ተማሃሮ ዘወሃብ ሸልማታት ከኣ፡ ኣብ ተማሃሮ ልዑል ሓጎን ቅዱስ ቅንእን ዝፈጥር ዘሎ ስለ ዝኾነ ንሸለምቲ ወገናት ኣመስጊኖም።

ኣቶ ኣማኒኤል ጺጋይ፡ ንሸልማት ዝበቕዐ ወዱ ኪሩ ዝመጸኦ እዩ። ንሱ፡ ቅድሚ ሕጂ፡ ምክትታልን ሓገዝን ዝገበረሎም ዓበይቱ፡ ደቁ ካብ ኮሌጃት ማይ-ንፍሕን ዓዲ-ቐይሕን ብዲግሪ ከመርቕ ከምዝበቕዐ ብምግላጽ፡ ሎሚ ድማ ንእሽቶ ወዱ፡ ኣሰር ኣሕዋቱ ሰዒቡ ኣብ ሸልማት ምብቃዑ ኣመና ከምዝተሓጎሰ ገሊጹ። ዝጻረ ሰብ ፍረ ጻማኡ ከምዝረክብን ብምሕባር ከኣ፡ ወለዲ ክይተሓለልና ደቅና ብትምህርትን ስ-ምጉርን ክኽእከል ኣለና ኢሉ።

ከም'ዚ ዓይነት ዓመታዊ ሸልማት፡ ኣካል ናይ'ቲ ንብሉጻት ተማሃሮ ምትብባዕን ንኻልኦት ተማሃሮ ቅዱስ ቅንኢ ንምሕዳርን ዝዓለመ ምዃኑ ዝገለጸ ሓላፊ ፖሊቲካዊ ውዳበ ሃማመተኤ ዞባ ማእከል መንእሰይ ሮቤል ክብሮም፡ ራብዓይ ዓመቱ ረጊጹ ዘሎ ሸልማት ፈተውራሪ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዕቡየት የመዝግብ ከምዘሎ ገሊጹ። ኣብ ቀጻሊ'ውን ብሉጻትን ተካእቲ ሃገርን መንእሰያት ንምምልማል ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ንኽፍዕብን ንኽሰፍሕን ሃማመተኤ፡ ወለድን መምህራንን ብዝሓየለ ጥምረት ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ቅድሚ ሕጂ ኣብ ተማሃሮ ከተማ ኣስመራ ጥራይ ተሓጺሩ ዝነበረ ሸልማት ፈተውራሪ፡ ሎሚ ዓመት ንዩም ኣብ ገጠራት ዞባ ማእከል ዘለዉ ተማሃሮ ዝጸንበረን ዘተባብዐን ብምንባሩ ዝተሰምዖ ሓጎስ ዝገለጸ ሓላፊ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ መም/ ደጎል ዑቕባስላሴ፡ ምስጢር ዓወት ናይ'ቲ ሸልማት፡ ወለዲ ኣብ ተማሃሮ ደቆም ዘካየድዎ ጻዕርን ዘፍሰስዎ ወጻኢታትን ስለ ዝኾነ፡ ሕጂ'ውን ጽዑቕ ምክትታልን ሓልዮትን ወለዲ፡ ብዝያዳ ክቕጽል ተላቢዩ።

ኣቦ መንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ መደምደምታ ኣብ ዘመሓላለፎ ለበዋ፡ ንኹሎም ወለድን ተሸለምትን ተማሃሮ “እንቋዕ ፍረ-ጻማኹም ክትሓፍሱ ኣብቃዓኩም” ምስ በሉ፡ ሃማመተኤ ተማሃሮ ኣብ ትምህርቲ ተገዲሶም ህይወቶም ንኽቕይሩን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽበጽሑን ብምባል፡ ከምዚ



ምሉእ ነጥቢ ኣምጺኦም ዝተሸለሙ ተማሃሮ

ዓይነት ናይ መተባብዒ ሸልማታት'ውን ኣብ ካልኦት ዞባታት ከምዘወሃብ ኣዘኻኺሩ። እዚ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት፡ ሳላ ዘይሕለል ጻዕሪ ኣብያተ ትምህርትን መምህራንን ከምኡ'ውን ኮሚቴ ወለዲ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ቀጻሊ'ውን ሃማመተኤ ኣብ ጎድኒ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኮይኑ፡ ናይ ምትብባዕ መደባቱ ብዝበለጸ ክቕጽሎ ምዃኑ ሓቢሩ። ኣብያተ ትምህርቲ'ውን፡ ኣብ'ቶም ትሑት ወጽኢት ዘመዝገቡ ዘለዉ ተማሃሮ'ኣን ኣብርቲዐን ክሰርሓን ቀላሕታ ክገብራሎምን ብምዝኽኻር፡ ሃማመተኤ ተራኡ ከበርክት ወትሩ ድሉው ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ኣብ'ቲ ንመበል 4ይ ግዜ ዝተኻየደ ሸልማት ፈተውራሪ፡ ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሰፍ ሳይቕ፡ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኡ ተወልደብርሃ፡ ኣቦ-መንበር ባይቶ ዞባ ማእከል ኣቶ ኣብርሃም ስመረ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ተክኤ ቀለታን ካልኦት ዕድመ ዝተገበረሎም ወከልቲ ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርትን ተረኺቦም፣ ንዩም ተሸለምቲ ተማሃሮ ኣተባቢዖምን ሞራል ሂቦምን። ጉጅለ ባህሊ ማእገር ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ድማ፡ ዝተፈላለየ ስነ-ጥበባዊ መደባት ብምቕራብ፡ ኑቲ ናይ ምሽላም ስነ-ስርዓት ኣድሚቓቶ።





# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ስርዓተ - ምክልኻል ሕማም ብመንጽር ረኽሲ ዘስዕቡ ታህዋስያን


ሰብነትና ብዙተፈላለዩ ሕማማት ንኸይጥቃዕ ዝከላኸለሉ ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም ኣካላትና እዩ። ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም ኣካላትና - ንዋህዮታት፡ ከምኡ'ውን ሰብነት፡ ቲሹታትን ኣካልን ዝሓቁፍ መርበብ እዩ።

ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ዕማም ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም፡ ሰብነትና ካብ ረኽሲ ምክልኻል እዩ። ንባክተርያ፡ ቫይረስ፡ ዕሲን ዘይንብር ዋህዮታትን ብቐሊሉ ኣለልዩ ከም ዝጠፍኡ ይገብር።

ሕማም ከስዕቡ ዝኽእሉ ደቀቕቲ ታህዋስያን ናብ ኣካላትና ምስ ዝኣትዉ፡ ሰብነትና ጸዓዱ ዋህዮታት ልኢኹ ረኽሲ ከይፈጥሩ ይከላኸሎም። ጸዓዱ ዋህዮታት ደም፡ ነቲ ጓና ታህዋስ ብዘዮዮጹ ኣብ ዘለለዩ እዋን ጸረ-ረኽሲ ብምፍራይ ይከላኸሉ። ሕማም ንዘከላኸል ስርዓት ሰብነትና ድማ ከም ዝቅሕ ይገብሮ።

### ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም

ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም ኣካላትና፡ ኣቐዲሙ (ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት



ዝበረ'ውን ክኸውን ይኽእል) ናይ ዘጥፍኦም ጓና ታህዋስያን መዝገብ'ውን ዘጠቓልል እዩ። እቲ መዝገብ 'ቢ-ላይምፎሳይተስ' (B-lymphocytes) ከምኡ'ውን 'ቲ-ልይምፎሳይተስ' (T-lymphocytes) ኣብ ዝተባህሉ ክፍልታት ጸዓዱ ዋህዮታት ደም እዩ ዝዕቀብ። እዞም ዓይነታት ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ናይ 'ዝኽረት ዋህዮታት' (memory cells) ተባሂሎም ይጽወዑ እዮም። እዚ ማለት እቲ ሕማም ዝፈጥር ጓና ታህዋስያን ዳግማይ ናብ ሰብነትና ምስ ዝኣቱ፡ ተቐላጢፉ ኣለልዩ ከሀንዎ ይሕግዞ።

ክፍልታት ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም

እቶም ቀንዲ ክፍልታት ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም፦

### ጸዓዱ ዋህዮታት ደም

ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ካብ ኣንጉዕ ናይ ዓጽሚ ዝስርሑ ዋህዮታት ኮይኖም፡ ኣብ ምክልኻልን ተጻዋርነትን ሕማም ልዑል ተራ እዮም ዝጻወቱ። ጸዓዱ ዋዮታት ምስ ደም ተሓዊሶም ናብ መላእ ክፍሊ ሰብነትና እናኸዱ ሕማም ዘስዕቡ ታህዋስያን ኣብ ምምኻራር ይነጥፉ።

ጸረ-ጓና ኣካል (Antibodies)

ጸረ-ጓና ኣካል ኣብ ደም ዝርከብ ኮይኑ ሕማም ዘስዕቡ ታህዋስያ ንሰብነትና ከይምርዙ ኣብ ምክልኻል ይነጥፍ። ከሎም ባክተርያ፡ ቫይረስ ይኹን ዕሲ ሕማም ዘስዕብ 'ኣንቲጀን' (antigen) ዝተባህለ ወህደት ኣሎዎ። ጸረ-ጓና ኣካል ድማ ነዚ ወህደት'ዚ ኣለልዩ ንምጥፋኡ ይቃለስ። ኣብዚ ቃልሲ'ዚ ሓያሎ ዋህዮታት፡ ፕሮቲንን ከምኡ'ውን ናይ ኣካላትና ይሳተፉ እዮም።

'ለምፋቲክ' (Lymphatic system)

እዚ ኣካል ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም'ዚ ኣብ ውሽጢ ሰብነትና ዝርከቡ ሻምብቆታት ፈሳሲ እዩ ዝቆጻጸር። ካብ ቀንዲ ስርሑ፦

- ማጠን ፈሳሲ ሰብነትና ምልካዕን ምምዕርራይን፤

- በቲ ሻምብቆ ዝሓልፉ ጓና ታህዋስያን ምንጻግ፤

- ዘድሊ ናይ መኸሮ ዋህዮታት ምእላይ፤

- ዘድሊ ስብሒ ካብ ሰብነትና መጸዩ ምትራፍን ምጉሓፍን።

ላልሽ (Spleen)

ላልሽ ደም ንምጽራይ እተገልግል ኣካል ኮይና፡ ንእግረ-መንገዳ ናብ ሰብነትና ዝኣተዉ ሕማም ዘስዕቡ ታህዋስያን ኣብ ምእላይን ምዕናውን ተገልግል።

ኣንጉዕ ዓጽሚ (Bone marrow)

እዚ ኣብ ውሽጢ ዓጽሚ ዝርከብ ቲሹ እዩ። ኣሰጅን ናብ መላእ ሰብነትና ንምብጻሕ ዝሕግዙ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም፡ ሕማም ንምክልኻል ዘገልግሉ ጸዓዱ ዋህዮታት ደም፡ ከምኡ'ውን ንምርጋእ ደም ዘገልግሉ 'ፕላትሌትስ' ኩሎም ካብ ኣንጉዕ ዓጽሚ እዮም ዝፈርዩ።

'ቲይመስ' (Thymus)

'ቲይመስ' ኣብ ዓጽሚ ክሳድ ዝርከብ ጸኪ እዩ። ናብ ሓንጎል ዝጸሕ ትሕዝቶ ደም ንምጽራይ ድማ ይሕግዝ።

### ረሲ ኣብ ንጥፈታት ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ኣካላት

ረሲ ምልክት ናይ ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም ኣካላትና እዩ። ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም ኣካላትና፡ ናብ ሰብነትና ንዝኣተዉ ታህዋስያን ኣብ ዘጥቅዓሉ እዋን መቐት ሰብነትና ክውሰኽ ንቡር እዩ። እቲ ምውሳኽ መቐት ሰብነት ንባዕሉ፡ እቶም ታህዋስያን ክሞቱ ስለ ዝገብር ካልእ ኣገባብ ምክልኻል ሕማም እዩ።

### ኣገባብ ኽፍሱምክልኻል ሕማም


ኣካላት ወዲ ሰብ ኣብ ትሕቲ ቀጻሊ መጥቃዕትታት ዝተፈላለዩ ሕማማት እዩ ዝርከብ። ኣካላትና ዕምርና መመላእታ ነዞም ሕማማት ኣብ ምክልኻል፡ ምስ እንጥቃዕ ድማ፡ ኣብ ምጽዋርንን ምጥፍኦምን ምስ ተጸምደ እዩ። ሰብነትና ሕማም ንምክልኻል ናይ ተፈጥሮ ጥበብ (መካኒዝም) ኣሎዎ - 'ዲፈንስ መካኒዝም' (defense mechanisms) ይብሃል። እዚ መከላኸሊ ጥበብ'ዚ ናብ ክልተ ይምቀል፦

- ዘይንጹር/ ዘይምዱብ መከላኸሊ መካኒዝም (non-specific defense mechanisms)፡

- ንጹር/ ምዱብ መከላኸሊ መካኒዝም (specific defense mechanisms)፡

ዘይንጹር መከላኸሊ መካኒዝም ኣብ ዝተወሰኑ ሕማም ወይ ጉድኣት ዘውርዱ ጓና ታህዋስያን ዝተሓጸረ ኣይኮነን። እዚ መካኒዝም እዚ'ውን ንባዕሉ ክልተ ዓይነት እዩ - ቀዳማይ ማስመር መከላኸሊን ካልኣይ ማስመር መከላኸሊን።

ቀዳማይ ማስመር መከላኸሊ - ቆርበት ከምኡ'ውን ልፋጫዊ መምበራና (Mucous membranes) የጠቓልል። እዚኦም




ኣካላትና ዝኾነ ብደገ መጉዳእቲ ወይ ሕማም ከየጥቅዖ ከም ዕርዲ ይከላኸሉ።

### ቆርበት ሰብነት

ቆርበት ወዲ ሰብ እቲ ዝተረረ ላዕለዋይ ዋህዮኣዊ ሽፋን ናይ ሰብነት እዩ። እቶም ኣብ ቆርበት ኣቐሚጦም ዝርከቡ ብዋህዮታት ዝተሰርሑ ቀጻሊታት በብዘዘሉ ስለ ዝሕደሱ ካብ ዝኾነ ረኽሲ ክከላኸሉ ይኽእሉ። ብተወሳኺ፡ ኣብቲ ቆርበት ዝርከቡ ጸክታት (glands) ሰብሓዊ ኣሲድ ዝኣመሰሉ ቅብኣት ስለ ዘመንጭው ዝኾነ ኣብ ደገኣዊ ኣካላትና ክዓልቡ ዝኽእሉ ታህዋስያን ከም ዝጠፍኡ ይገብር።

### ልፋጫዊ መምበራና

ልክዕ ከም ላዕለዋይ ሽፋን ቆርበት፡ ግን ኣዝዩ ብዝተረቐቐ ኣገባብ፡ እዚ ልፋጫዊ መምበራና ኣብ ስርዓት እስትንፋስ ኣካላትና ዝርከብ ኮይኑ ካብ ደገ ናብ ውሽጢ ኣካላትና ክኣትዉ ንዝኽእሉ ሕማም ዘኸትሉ ታህዋስያን ንምክልኻል ይሕግዝ። ኣብ መናድቕ ስርዓት እስትንፋስ ኣካላትና ልፋጭ ከመንጭዉ ዝኽእሉ ዋህዮታት ኣለዉ። እዚ ልፋጭ'ዚ ደቀቕቲ ህይወታውያን ናብ ውሽጢ ኣካላትና ከይኣትዉ ኣጻዊዱ ይሕዞም።

ካልኣይ ማስመር መከላኸሊ - ወሽጣዊ ኮይኑ ንከም 'ለትሳይት'ን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ሕማም ዝከላኸሉ ፕሮቲናት የጠቓልል።

ንጹር መከላኸሊ መካኒዝም - እዚ ኣብ ትሕቲ ኽፍሱተጻዋርነት (immunity) ዝብል ቃል ዝጥርፍ እዩ። ስርዓተ ተጻዋርነት ሕማም (immune system) እምበኣር እቲ ሳልሳይ ማስመር መከላኸሊ እዩ ዝጥቀስ።

ሳልሳይ ማስመር መከላኸሊ ማለት 'ስርዓተ ተጻዋርነት ሕማም'፡ ንዝተሳገሩ ብደገ ናብ ውሽጢ ኣካላትና መጥቃዕቲ ንዘፍጽሙ ዝተፈላለዩ ብዓይነቶም ዘይረአዩ ህይወታውያን ንምክልኻል ዘገልግል መካኒዝም እዩ።

ጸረ-ጅን (antigen) - ናብ ውሽጢ ሰብነትና ኣትዩ ሕማም ዘስዕብ ጓና ኣካል እዩ። ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ኣካላትና፡ ሓደ ካብኡ'ዩም ዚ ጓና ኣካል ኣለልዩ ንምክልኻሉ ጸረታት ዝለይድ መከላኸሊ መካኒዝም እዩ። እቲ ጸረ-ጅን መርዚ፡ ቫይረስ፡ ባክተርያ ወዘተ ክኸውን ይኽእል። ስርዓት ምክልኻል ሰብነትና እቲ ጸረ-ጅን እንታይ ዓይነት ምዃኑ ቀልጢፉ ኣብ ዘለልየሉ እዋን ድማ ንምጥፍኡ ተቐላጢፉ መጥቃዕቲ የካይድ።

### ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕምና ዝሰድኡ ሕማቕ ልምድታት

ብዙሓት ሰባት ጥዕንኦም ብዘየዮጹ ንምሕላው ሸለልትነት ከርእዩ ይረኣዩ እዮም። ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ዚጋጥመና ከም ነዊሕ ዝጸንሕ ሰዓት፡ ድኻም ድቃስ፡ ተደጋጋሚ ድኻም፡ ቀጻሊ ሕማም ረኽሲ ብኣዘውትሮም ሕማቕ ልምድታት ዝሰዓቡ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኣብ እተካይዶ ስርሓት፡ እተዘውትሮ ልምድታት፡ እትወስዶም መግብታት ግቡእ ምክትታል ዘይትገብር እንተኾንካ ናይ ምጽዋር ዓቕምኻ ዝተሓተ ክኸውን ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕምና፡ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት ዝኾኑ ናይ ደገ ተጻባእቲ ንኣካላትና ከየጥቅዕዎም ንምክልኻል ዝሕግዝ ኣጉዳሲ ኣሃዱ ኣካላትና እዩ። ድኹም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት ብዝተፈላለዩ ሕማማት ብቐሊሉ ዝተጠቕዑ ይኾኑ። ንናይ ምጽዋር ዓቕሚ ሰብነትና ዘናኽሙ ገለ ልምድታት ንምጥቃስ፦




- ምትካኽ፦ ምትካኽ ዋላ ካልኣይ ደረጃ ኣትካኽቲ ዝበሃሉ ሰባት ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዝተቓልዑ ምዃኖም ሓካይም ይገልጹ። እዚ ድኹም ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ስለ ዘለዎም ብምዃኑ እዩ። እቲ ሽጋራ ናይ ምትካኽ ልምዲ ብኣግኡ ክቋረጽ እንተዘይተኻኢሉ ንዝተፈላለዩ ሕማማት መንሸሮ የቃልዕ።

- ኣልኮላዊ መስተ፦ ኣልኮል፡ ቀንዲ ዕማም ጸረ-ጓና ኣካል (antibodies) ሰብነትና ናይ ምዕናው ባህሪ ኣለዎ። ጸረ-ጓና ኣካል (antibodies) ሕማም ከስዕቡ ዝኽእሉ ባክተርያን ቫይረስን ዝኣመሰሉ ናይ ደገ ተጻባእቲ ዝወቅዑ ዓይነት ዋህዮታት እዮም። ብዙሕ ኣልኮላዊ መስተ ተሀልኽ እንተኾንካ፡ ዘውሓደ ጸረ-ጓና ኣካል ክትውንን ትግደድ፡ በዚ ድማ ብቐሊሉ ብሕማም ትልከፍ።


- ውሑድ ምድቃስ፦ ኣካላትና ብዝፈጥሮኡ ባዕሉ ናይ ምጽጋኑ ብሓደሽ መንፈስ ናይ ምሕዳስ ባህሪ ኣሎዎ። ሰብነትና እኹል ድቃስ ክረክብ እንተዘይከኣለ፡ ናይ ምጽዋር ዓቕምና ምሉእ ብምሉእ ክሰርሕን ክቅሕን ኣይክእልን። ኣብቲ እትሰዕብ መዓልቲ ብደገ ክመጽኦ ንዘኽእል መጥቃዕቲ ድማ ኣይዳለወሉን። እኹል ድቃስ ዘይረኽብ ሰብ ንዱጥ ጸረር ጸረር ክብልን ሻቡ ብሕማም ሰዓል ክጥቃዕን ኣስተብሂልኩም ትፈልጡ ዶ? እኹል ድቃስ ዘይምርካብ ናይ ምጽዋር ዓቕምና ከም ዝናኸም በዚ ብቐሊሉ ክንርድኦ ይካኣል።

- ንነዊሕ ሰዓታት ስምዒታት ጸቕጢ ምርኣይ፦ ጸቕጢ ዘለዎ ሰብ፡ ምስቲ ዝተዛዘየ ህይወት ዝመርሕ ሰብ ክነጻጸር እንከሎ፡ ናይ ምጽዋር ዓቕሙ ብ20 ሚእታዊት ዝተሓተ ከም ዝኾነ ሕክምናዊ ጽብጻብት ከጽናዕዎ ክኢሎም እዮም። ንነዊሕ እዋን ስምዒታት ጸቕጢ ዘለዎ ሰብ ብዝተፈላለዩ ረኽሲ ብቐሊሉ ተጠቃዒ እዩ። ሓደ ሰብ ዘለዎ መጠን ጸቕጢ ናብ ዝለዓለ ደረጃ እንተበጺሑ፡ ኣእምሮኡ 'ኮርቲሶል' (cortisol) ዝተባህለ ሆርሞን ብልዑል ዓቐን የፍሪ። እዚ ሆርሞን'ዚ ንስራሕ/ ዕማም ናይ 'ቲ' ዋህዮ (T cells) የዳኽሞ ወይ'ውን ምሉእ ብምሉእ ደው የብሎ። 'ቲ' ዋህዮ (T cells) ንኣካላትና ዝጥቅዖ ረኽሲ ንምቅላስ ኣዝዩም ኣገደስቲ እዮም።

- ብሕተይውነት ምዃን፦ ብሕትውና እንሓንኣብ ከም ወልፊ ክልመድ ከም ዝኽእል እዮም ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ ዝመልክቱ። ካብ ምስ ሰብ ብምምሕባር (socialize) ዝረኽብዎ ባህታ፡ በይኖም ብምዃን ዝዩዳ ሓጎስ ከም ዝረኽቡ ገይሮም ይቆጽሩዎ። ኣብ ጸዑቕ ስራሕ ብምጽማድ ወይ'ውን በይንኻ ምዃን ብምድላይ፡ እኹል ማሕበራዊ ሱታፌ ዘይብሉ ሰብ፡ ትሑት ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ከም ዘለዎ መጽናዕትታት የረድኡ።

- ምውሰዋስ ኣካላት ዘይምኽያድ፦ ምውሰዋስ ኣካላት ጥዕናኻ ንምሕላው ዝሕግዝ ዝበለጸ ኣገባብ እዩ። ምውሰዋስ ኣካላት ዘይምኽያድ ድማ ኣካላዊ ብቕዓትካ ተዳኺሙ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዝተቓላዕካ ትኸውን። ምውሰዋስ ኣካላት ዘዘውትሩ ሰባት፡ ክሱብ ብኣግርም ምኻድ ዘይፈትዉ ሰባት ዘጠቓልለ እዩ ንሕማም ሸኮርን ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕማማት ልብን ዝተቓልዑ እዮም።

- ልዑል ዓቐን ሽኮር ምውሳድ፦ ሽኮር ጀርምታትን ካልኦት ታህዋስያንን ናይ ምቅላስ ዓቕሚ ኣካላትና የዳኽሞ። ኣብ ኣካላትና ዘሎ መጠን ቫይታሚን 'ሲ' ናይ ምጥቃዕ ጠባዩ ስለ ዘለዎ ድማ ንሕማም ዝተቓላዕና ንኸውን። ቫይታሚን 'ሲ' ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕምና ንምሕያል ዝሕግዝ ዝበለጸ መኣዝ እዩ።






# ባህልን ስነ-ጥበብን


ኤፍረም ሃብተጽዮን

# መምህር ኣማረ፡ ተዘካርን ተጠቃስን ጸሓፊ

ኣብቲ ኮቪድ ዘገደዶ ከቢድ ናይ ዕጸዋ እዋን፡ ባሕቲ ግንቦት 2020፡ ሓደ ኣብ ስነ ጥበብ ሃገርና ግሉን ስም ዝበሮ ሰብ ካብዛ ዓለም ተፈልዩ። ኮቪድ፡ ንወማዒታት ቀብርን ምትእኽኻብን ፍጹም ዘየፍቅድ ስለ ዝነበረ፡ ይትረፍ ኣብ ቀብሩ ክንርከብ፡ ሕልፈቱ ዝሰምዑ ውሑዳት ነበሩ። ዝበዝሑ ደገፍቱ ደንገዩ እዮም መርድኡ ዕረፍቱ በጺሑና። ዘርከቦ ወትሩ ስለ




ዝዘከርን ዝኹበርን ግን፡ ስሙ ብዘይጋግጊ ክጥቀስ ይሰምዕ - መምህር ኣማረ ወልደስላሴ። "ንሶም" እናበልኩ ክጥቅሶም ምተገበኣኒ፣ ግና፡ መምህር ኣማረ ከም ዓርክናን ብጻይናን ንርእዮ ስለ ዝነበርና፡ "ንሱ" ምባልዩ ደፍረት ኣይቆጸረለይ።

ኣብ 1990ታት፡ ኣብ ዕዮ ድራማ ግሉን ዝና ዘጥረየት "የፐ ወዲ ጎቦ" ዝተርጎመ መምህር ኣማረ፡ ኣብ ስነ ጽሑፍ ሃገርና ምቅሉል ኣበርክቶ ገይሩ'ዩ። ካብቲ ሞያኡ ምምህርና ወጺኡ ናብ ስነ ጥበብ ብምስጋር፡ ኣብ ድራማ፡ ግጥምን ቋንቋን ኣድሂቡ ብዙሕ ሰሪሑን ኣፍርዩን። መምህር፡ "ጽሕፍቶ"፡ "መሳግሮ"፡ ድሕሪ ዕረፍቱ ድማ "ስንብታ"፡ ዝሰመያን ሰለስተ ናይ ግጥሚ መጻሕፍቲ፡ ከምኡ'ውን "እምነ ኹርናዕ ትግርኛ" - ዝሰመያ መጽሓፍ ቋንቋ ኣሕቲሙ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብዘተፈላለየ ኣርእስቲ - ብፍላይ ከኣ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ - ንዓመታት ዓንቀጻት ኣበርኪቱን ናይ ክትዕ መድረኽ ፈጢሩን። "የፐ ወዲ ጎቦ"፣ "መዝገብ ኣርዮስ"፣ "ሕልፈት" ዝበሉ ዓበይቲ ድራማታት ዝርከብኦ ብዙሓት ድራማታት ዝተርጎመ መምህር ኣማረ፡ "የፐ ወዲ ጎቦ"ን (ዳሕራይ ናብ 'የፐ ወዲ ኾርባ' ቀይሩዋ) "መዝገብ ኣርዮስ"ን ዝበሉ ድራማታት ብኣሕተምቲ ሕድሪ ኣብ ሓንቲ መጽሓፍ ተሓቲመን'የን።

በቲ ኣብ 1990ታት ኣብዚ ዓውዲ'ዚ ዝበሮ ህቡብነት ተደሪኹ፡ ኣብ 2000፡ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ንዝተዋህበ ዕዉ "ምኪያድ ቃለ መጠይቕ"፡ ንመምህር ኣማረ እየ ኣዘራሪበዮ። እቲ ዘየድናዮ ዕላል ኣብ ፋይላት ጸሓፊ ሎሚ ድሕሪ 25 ዓመት ከም መወከሲ ኣገልግሉ።

መምህር ኣማረ፡ ኣብ ኢትዮጵያ እዩ ተወሊዱን ዓብዩን፡ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ'ውን ኣብኡ ዛዚሙ። ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ተሳቲፍካ ተባሂሉ ንነዊሕ ድሕሪ ምእሳሩ፡ ናጽነት ምስ ኮነ ናብ ኤርትራ ኣተወ። ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ትምህርቱ ቀጺሉ፡ ብዓውዲ 'ምሕደራ ትምህርቲ' ድማ ተመሪቑ።

ናብ ስነ ጥበብ ዝኣተወሉ ግዜን ኣጋጣሚን ክገልጽ እንከሎ መምህር ኣማረ፡ "ኣነ ኣብ ስነ ጥበብ ኣትየ እየ ክብል ኣይደፍርን። እንተኾነ፡ ኣብ ልዕሊ ስነ ጽሑፍ ዓቢ ናእዳን ኣድናቖትን ኣለኒ። እዚ ስምዒት'ዚ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣብ ኢትዮጵያ እንከለኹ ዝፈለቐ'ዩ። ኣብኡ ልቢ ወለድ መጻሕፍቲ ከንብብ ጀሚረ። ካብኡ ብምብጋስ ብቛንቋ ኣምሓርኛ ንእሽቶ ነገራት ክጽሕፍ ፈቲነ" ብምባል ገለጸ ነቲ ፈለማ ተመክሮኡ።

ከም ሰብ ዝተፈላለዩ ብቕዓት ወይ ሞያ እንተ ኣጥሪኻ፡ ደሓር ናብቲ እትምገበሉን ህይወትካ እትመርሓሉን ሞያ ተብል። በቲ ዘለካ ብቕዓት ወይ ሞያ ዕጉብ እንተ ዘይኴንካ፡ ኣብ ህይወት ብዙሕ ዋጋ ስለ እትኸፍል፡ ተወሃቦካ ኣሎ'ኻ ሞያ ምቕያር ይምረጽ'ዩ። መምህር ኣማረ ከምዚ ዝኣመሰለ ብደሆ ምስ ገጠሞ፡ ጸወዒት ውሽጡ ብምስማዕ ናብ ስነ ጥበብ ከብል ወሰነ። ሽሕ'ኳ ኣብቲ እዋን'ቲ ነቲ ጥበብ ኣጸቢቑ እንተ ዘይመለኸ፡ ብዘኽኣሎ ዓቕሚ ስራሑ ከፍሪ ጀመረ። ብኡ ተደሪኹ ወይ ተተባቢዑ፡ ፈለማ ኣብ "ማሕበር ፍቕሪ ስነ ጥበብ" ኣተወ። ብድሕሪኡ፡ ናብ ዕዮ ትርጉም ኣድሃበ።

ኣብዚ ዘይቀለል ሞያ ትርጉም፡ ዝተፈላለዩ ዕዮታት ካብ እንግሊዝኛ ናብ ትግርኛ ተርጎመ። ንኣብነት፡ እታ ህብብቲ ድርሰት፡ "የፐ ወዲ ጎቦ" (Yepe of the Hill)፡ "መዝገብ ኣርዮስ" (Diary of the Scoundrel)፣ ስወር እኩብ (The Invisible Collection)፡ "ሰዓት ዓሰርተው-ሓደ" (The Eleventh Hour) ከምኡ'ውን "ሕልፈት" ዝሰመየን ድራማታት ተርጎመ። "ሕልፈት" ሓንቲ ካብተን ብዙሕ ዝጸዓረለንን ዘድንቖን ግን ዘይተሓትማ ዕዮታቱ እያ።

መምህር ኣማረ፡ ምስ ኣፍቀርቲ ስነ-ጥበብ ብናይ መድረኽ ድራማ'ዩ ተላልዩ። "ድራማ" ኣብ መድረኽ፡ ኣብ ቅድሚ ተዓዘብቲ ዝቐርብ ሓደ ቅዲ (ጀንረ) ስነ ጽሑፍ'ዩ። ህያውን ናብ ሓቂ ዝቐረበን ብምዃኑ፡ ኣሳታፊ ጥበብ'ዩ።

ንዘርኻ ዓውዲ ስነ ጥበብ ብምዕቡእ ከተደምቕሉ እንተ ደኣ ኴንካ፡ እቲ ቐንዲ መወከሲ፡ ኣብቲ ዓውዲ ዝተሰርሑ ብሉጻት ዕዮታት ብብዝሒ ምንባብን ምክትታልን ትሕተት። ብሉጽ መበቆላዊ ዕዮ ምፍራይን ብሉጽ ዕዮ ምትርጓምን ከቢድ'ዩ። መበቆል ናይቲ ቋንቋን ባህሊ ናይቲ ዝተጻሕፈሉ ሕብረተሰብን ኣዕሚቕካ ክትፈልጥ ኣሎካ። ብዛዕባኡ ዓቕሊ፡ ተጻዋርነትን ልቦናን ወይ ምስትውዓል የድልየካ። መምህር ኣማረ በዚ መንፈስ'ዚ ስለ ዝተመርሐ'ዩ ናብ ወጽኢታዊ ስራሕ ዝበጽሐ።

ተርጓሚ፡ ዝተርጎመዎ ዕዮ ኣብ ዝመርጸሉ እዋን ዝኽተሎ ኣገባብ ወይ መምዘኒታት ኣለዎም። ንሓንቲ ዕዮ ስለምንታይ ክትርጉመ ደልዩ'ውን ውዱእ መልሲ ኣለዎም። መምህር ኣማረ፡ "ሞራላውን ትምህርታውን መልእኽቲ ኣለዎ ዝበልክዎ'የ ዝመርጽ። መምህር ምዃን ከኣ ኣብ ምምራጽ መጻሕፍቲ ሓጊዙኒ'ዩ። ስለዚ፡ ተኸታታሊ ካብቲ ዕዮ'ቲ ገለ ሞራል ወይ ትምህርቲ ወይ ክልቲኡ ክረኽብ ኣለዎ" ብምባል ይገልጽ።

መምህር ኣማረ፡ ካብ ተኸታተልቲ ሰፊሕ ተቐባልነት ረኺቡ'ዩ። ገለ ባህርያት ድራማታቱ ኣብ ሃገርና ህቡባትን ከም መመሰሊ ዝግለጹን እዮም። ዝተርጎሞ ዕዮ ብኸመይ ይመርጽ ነይሩ ክገልጽ እንከሎ፡ ፈለማ ተቐባልነት ናይቲ ዝትርጎሞ ስራሕ ኣብቲ ዝተደርሰሉ ሕብረተሰብ ከም ዘጽንዖ ዝገልጽ። ኣብኡ ቅቡል እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ቅቡል ዝገበሮ ምኽንያት የጽንዕ። ብድሕሪኡ፡ ኣብ ሕብረተሰብና'ውን ቅቡል ክኸውን ይኽእል'ዩ ዝበል መረዳእታ ሓዙ ምስ ክዉንነትና የዋዳድሮ። ዝኾነ ዝትርጎም ስራሕ፡ ምስ ባህልን ኣተሓሳስባን ናይቲ ዝትርጎመሉ ዘሎ ሕብረተሰብ ዝተቓረበ ወይ ተመሳሳልነት ዘለዎ ክኸውን ኣለዎ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ኣድማዒ ተቐባልነቱ - ኣድማዒ ክብሩ - እውን መጸናዕቲ የገድድ ነይሩ። ንኣብነት፡ "የፐ ወዲ ጎቦ" ክትርጉማ እንከሎ ክሕግዝዎ ናብ ኤርትራ ዝመጽኡ ደቂ ኣርወይ ነይሮም። ሽዑ ገለ ሰባት፡ "ኣብዚ ዓዲ ዘሎ ተኸታታሊ ዝተተርጎመ ድራማ ኣየድንቕን'ዩ። ስለዚ፡ ክትክሰሩ ኢኹም" በሉዎም። መምህር ግን፡ "ኣይትጠራጠሩ!" ኢሉዎም ብርእሱ ምትእምማኑ። ከምቲ ዝበሎ፡ እታ ድራማ ናብ ህዝቢ ድሕሪ ምቕራባ፡ ህዝብና ሰብኣውነት ዘለዎ ዕዮ ጥበብ ከም ዘስተማቕር ኣመስከረ።

ሓደ ዕዉት ዕዮ ስነ-ጥበብ፡ ምስ ተሰርሐ ብቐጥታ ተቐባልነት ክረኽብ ይኽእል'ዩ። ካብ ተኸታታሊ ቅልጡፍ መልሱግብሪ ክይመጽእ'ውን ይኽእል። ቀስ ብቐስ ግን ክብረቱን ጽጥቀኡን ይወጽእ። ድራማ "የፐ ወዲ ጎቦ" ኣብ መጀመርታ ምስ ቀረበት፡ ነቲ ስራሕ ዘኣእስ ኣቓፈታ ወይ ርእይቶ ቀረበ። ደሓር (ድሕሪ ሽዱሽተ ዓመት) ኣብ ኢራቲቪ ምስ ተፈነወት፡ ሰባት ብብዝሒ ክድንቕዋን ክዘረብላን ጀሚሮም። ኣይጸንሐትን ኣዚያ ተፈትወት።

እታ "መዝገብ ኣርዮስ" ዝሰመያ ዕዮ ትርጉም'ውን ሽዑ ኢላ ተፈትወት። ኣብ "ጸራዊት ሩስያ" ዝተሰርሐት እንከላ ክንድኡ ህቡብነት ምርካብ ሓይላ ዘርኢ'ዩ። ቅድምን ልዕልን ኩሉ፡ እታ ድራማ ኣድማዕነት ስለ ዘለዋ፡ ኣብ ዝኾነ ቦታን ግዜን ክትርአ ትኽእል። ብተወሳኺ፡ ኣካሪ ፍልስፍናዊ ኩርናዕ'ውን ኣለዋ። ኣብ መላእ ዓለም ተራእያ ዒቢ ዝና ኣትሪፋ'ያ። ኣብ ሩስያ፡ ዓዲ እንግሊዝ፡ ኣመሪካ ዝኣመሰላ ከይተረፈ ተራእያ። ሃገራት ምዕራብ፡ ንኣብነት፡ ኣንጻር ፍልስፍና ናይታ ድራማ ዝኾነላ ክንሰን'ያ ክንድኡ ተፈትያ።

"ኩሎም'ቶም ገጸ ባህርያት ኣድማዕውያን እዮም። እቶም ገጸ ባህርያት ኣብ ሕብረተሰብና ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ። ወላ'ኳ ደራሲ ናይታ ድራማ ሕጊ እንተ ተማህረ፡ ንዓለም ንግድን ሽቓጥን ጸቢቕ ገይሩ'ዩ ገሊጹዎ - ኣብታ መጽሓፍ። ኣዚያ እያ ማሲጣትኒ" ብምባል ገለጸ መምህር ኣማረ ንኽትርጉማ ዝደረኾ ክገልጽ እንከሎ።

መምህር ኣማረ፡ ኣብ ዕዮ ትርጉም ደው ከይበለ ወይ ኣብኡ ከይተሓጸረ ናብ ካልእ ዓቢ ክፋል ስነ ጽሑፍ - ግጥሚ - እዩ ሰጊሩ። ኣብዚ ድማ ሰለስተ መጻሕፍቲ፡ "ጽሕፍቶ"፡ "መሳግሮ"፡ "ስንብታ" ኣሕተመ። ብድሕሪኡ፡ ኣብ ሰርዓት ቋንቋ ትግርኛ ብምትኳር ሰፊሕ መጸናዕቲ ገይሩ፡ ዝተፈላለዩ ዓንቀጻት ጽሒፉ፡ ሰሚናራት ሂቡ፣ መጽሓፍ (ድሕሪ ዕረፍቱ) ተሓቲሙ።

*****

*ንመምህር ኣማረ ከመይ ትገልጾዎ ዝበል ሕቶ ንገለ ኣብቲ ሞያ ዝጥዑ ተወኪሰ ነይረ። ይስዕብ፡*

***"መምህር ኣማረ፡ ብዙሕ ተዘራቢ ባህሪ ነይሩዎ። ልዕሊ ኩሉ ግን ንትምህርትን ምርምርን ዝበሮ ፍቕሪ'ዩ። ብጸንዕ ሓሚሙ እንከሎ ክይተረፈ፡ ካብ ስራሕ ከይበኸረ ዓምዱ የዳሉ ነይሩ። ኣብ ሆስፒታል ኮይኑ ምስኡ ዝዳቀሱ ሕሙማት ቋንቋ ዓረብ ይምሃርም ምንባሩ ምስ ፈለጥኩ፡ ጸጋዑ ኣዝዩ ገሪሙኒ።"***

*ብርሃ ምሕረትኣብ፡ ዋና ኣሰናዳኢ*
*ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ*

***"መምህር ኣማረ፡ ፍቕርን ባህግን እንተ'ሎ፡ ኣብ ዳሕረዋት ዓመታት ዕድመኻ ብዘተኣሳሰዮ ወይ'ውን ብዘይምስኻዮ ከይተረፈ ምርኣይ ስራሕ ክትሰርሕ ከም እትኽእል ዘመሃሩ ጸሓፋይ እዩም ነይሮም። "ሓዳስ ኤርትራ"፡ ነቲ ዘበርከቶ ዓቢ ስራሕ ዘከራ ንዘኽርም መደብ ምስራዕ ደስ ዘብል'ዩ።"***

*መምህር ሰረበ እስቲፋኖስ*

***"መምህር ኣማረ ወልደስላሴ፡ ጸን ኢሉ ንዘሰምዖም ሰቡ ብዘይብዙሕ ፍልጠቶም ዘመሓላልፉ ኣቦ እዮም ነይሮም።"***

*ጋዜጠኛ የሲፍ ሃይለማርያም*

***"መምህር ኣማረ፡ ፈታውን ዓርክን መንእሰያት እዮም ነይሮም። ብጥበበን ክሉትትን የበልሉ፣ ካብ ማንም ዝመጻኦም ሕቶን ሓሳብን ይቕበሉ፣ ብኣግባቡ ከኣ ይምልሱ።"***

*ኢንጂነር ሃብቶም እዮብ*

*****

**መምህር ኣማረ፡ ኣብ መቕድም መጻሕፍቱ፡ ካብ ዝበሎ ገለ ክንጠቅስ፡**

"ግጥሚ ፋይዳ ዘለዎ ዓውዲ'ዩ። ኣፈላሳፊ፡ ኣነቓቓሒ፡ ኣሰራዒ፡ ባህታ፡ በዳሪን ቀራጺ ዛንታን'ውን እዩ። ትግርኛ፡ ካብቶም ብብዝሒ ረብሕታ ግሊታቶም ንግጥሚ ዝሰማምዑ ዝበሉ ቋንቋታት'ዩ። (. . .) ዕላማ እዛ መጽሓፍ፡ እዚ . . . ዝተጠቕሰ ንምርኣይን፡ ትግርኛ፡ ዕምቆት ዘለዎም ኣድማዕውያን ሓሳባት ክስከም ከም ዝኽእልን ንምምልካት'ዩ።"

> ሶንኪጠር
> ብትእዛዝ ተፈጥሮ
> ማንም ዘይቅይሮ
> ተዋሂብኒ ሰኢ
> ዝኮሰኡ ዓጽሚ፡
> ከምኡ'ውን መንጋጋ
> ዝጥሕኑ ስጋ
> ኩታ፡
> በላዕ ኩሉ
> ከሎ ብዕድሉ
> እዚ ሰብ ቃንዝ ናይ እንስሳ
> ሓሳቡዎ ስበብ
> ቋጺሊዶ ይመጉብ?
>
> (ምንጪ፤ "ጽሕፍቶ!?" 2014)
>
> *****


"ወላ'ኳ ብሰንኪ ትሑት መንቋሕቋሕታ ሕብረት-ሰብ መጻሕፍቲ ግጥሚ ጠለብ እንተ ዘይብሎም፡ እዚ ዓውዲ'ዚ ክጥለም ኣይግብኦን። ምኽንያቱ ጸቒጥካ ብምስራሕ፡ ግጥሚ ፋይዳ ከም ዘለዎን ትግርኛ ድማ ፍጹም ግጥማዊ ቛንቋ ምዃኑን ምርኣይ ስለ ዝከኣል እዩ።

"በዚ መሰረት፡ ቅድሚ ናብ ካልእ ዕማም ምስጋረይ ድሕሪ መሳግሮ ሓንቲ ናይ መወዳእታ ስራሕ ብምቕራብ ንፍሰይ ዝሓበኩዋ ዕዮ ገዛ ኽዝዝም እዩ።"


> ክብርቲ ኽብሪት
> ኣብ ዕዳጋ
> ብዋጋ
> ኣብ ጨረታ
> ብጸወታ
> ኣብ ምርኢታት
> ብጠራ ሃገራት
> ኣለዉ ብዙሓት
> ተሽየጥቲ ነገራት
> ንዕምዋም ክብራት
>
> ብሩር ወርቂ
> ሉል ዑንቂ
> ሄሪ ጨርቂ
> ከም ዓይነት
> ምኽሓ ኣብነት
>
> ብኣንጻሩ፡
> ኣብ መድረኻት ገድሊ
> ኣብ ክንዲ ሃገራት
> ዝሓለፉት ህይወት
> ኣላ ኽብርቲ ኽብሪት
>
> ዝአ ምስ ሰምዑ
> ኣሸኹይ ዓበይቲ
> ኣይደንገጽዋን ቀልቡ
> ቀልጠፎም ምረቕሖ
>
> ከሎም ብሓደንት
> ብኡንት
> ምግቡ ሃጻት
> ሃጻት!
>
> (ምንጪ፤ መሳግሮ፡ 2015)
>
> *****

"ብመሰረት እቲ ንፍሰይ ዝሓበኩዋ ዕዮ ገዛ፡ እንሆ ኣታ ኣብ መወዳእታ ኹዳልዋ እተመዘዘኩዋ ግጥማዊት መጽሓፍ ንብቡ፡ ኣቕርበ ኣለኹ። እዛ መጽሓፍ ብቕዓን ብትሕዝቶኣን ካብተን ኣቕዲመን እተዘርግሓ ኽልተ መጻሕፍቲ ብዙሕ ኣይትፈልን። (. . .)

"ኣርእስቲ እዛ መጽሓፍን ግጥምን ዝረኣዩ ኣስተማቕርቲ፡ ምስቲ ዘጋጠመኒ ሕዱር ሕማም ኣዛሚደም ከም ሕማቕ ፋል ስለ ዝሓስቡዎ ቅሂሮ ኣሎም። ስለ ዝተገደሱለይ ኣመስግነኒም። ብመሰረቱ፡ እዚ ኣርእስቲ ቅድሚ እቲ ሕዱር ሕማም እዩ ተኸዊኑ። ትርጉሙ ድማ ካብ ግጥሚ ብምስንባት ናብ ካልእት፡ ኣውራ ኸኣ ናብ 'እምነ ኩርናዕ ትግርኛ' ናብ እተባህለ ዕዮ እሰግር ኣለኹ






ማለት እዩ። እቲ ምሕላፍ ከኣ ፋል እግበረሉ ኣይግበረሉ ብዘየገድስ ምምጻኡ ስለ ዘይተርፍ ብሓገስ ክጸበዮ እዩ።"

> ስንብታ
> ዝተጀመረ ኽዛዘም
> ግድን'ዩ ኣብ ዓለም
> ኩይኑ ኸኣ
> ዓሚ
> ቅድሚ ዓሚ
> እተጀመረ ግጥሚ
> ይኣክል ተባሂሉ
> ተዛዚሙ ሎሚ
> እንሆ ድማ
> ብጽሕፍቶ ምስ ፈለመ
> ብስንብታ ተደምደመ
> (ስንብታ፤ 2022)

"ስንብታ" ከምኡ'ውን "እምነ ኹርናዕ ትግርኛ" ዝበላ መጻሕፍቱ ድሕሪ ዕረፍቱ ዝተሓትማ እየን።

ሽባብ
ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ካርታቬትራታ

ሙሴ ብርሃነ

ብሓባር ዝነብሩ ኣርባዕተ ሰባት፡ ንሸውዓተ መዓልቲ ቃል'ውን ብዘይ ምውጻእ ብፍጹም ስቕታ ንኽጸንሑ ተመባጽዑ። ከም መብጽዓኦም ከኣ እታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ካብ ኣርባዕቲኦም ሓንቲ ቃል እኳ እንከይወጸኣት ሓለፈት። ካልኣይቲ መዓልቲ እውን ብዘይ ሓንቲ ቃል ክትዛዘም ቀረበት። ኣጋ ግዜ ምስ ኮነ ግን ሓደ ነገር ተፈጥረ። ናይታ ዝነብሩላ ክፍሊ መብራህቲ ኩብርህ ዝነበሮ ራብዓይ ሰብ ከየብርሀ ደንጕየ። እታ ዝነበሩዋ ክፍሊ ጸልማት ክወራ ጀመረ። እቲ ጽምዋ ጸልማት ምስ ተወሰኾ፡ ነታ ክፍሊ ከቢድ ስምዒት ኣዕሰለላ። ኣብቲ ግዜ እቲ ነቲ ጸልማት ምጽዋር ዝሰኣኖ ሳልሳዮም፡ "ኣታ እንታይ ገይርናካ ኢና ፋኑስ ዘይትውልዓልና?!" ክብል ቍጥዐኡ ገለጸ።

"መብጽዓኻ ኣፍሪስካ!" ወቐሰ እቲ ካልኣይ።

"ካብ ኩላትኩም ኣነ ጥራይ መብጽዓይ ዘየፍረስኩ!" እቲ ቀዳማይ እውን ንኽልተኦም ሰዒቡ መብጽዓኡ ሓምሸሸ።

(እዚ ዛንታ ኣብ ናይ 'ዘን' ማሕበረሰብ ዝንገር እዩ።)

***

ሓደ ገበነኛ ምስ ሓደ ኣማኻሪ ኣብ ሓንቲ ክፍሊ ኮፍ ኢሎም ነበሩ። ኣብ መንጎ ዕላል፡ እቲ ኣማኻሪ ነቲ ምስኡ ዝነበረ ሰብ ከምዚ ክብል ሓተቶ፤



"ስለምንታይ ሰሪቕካ?"

"ገንዘብ ስለ ዘይነበረኒ።"

"ስለምንታይ ገንዘብ ዘይነበረካ?"

"ስራሕ ስለ ዘይብለይ።"

"ስለምንታይ ስራሕ ዘይብልካ?"

"ሞያ ስለ ዘይብለይ።"

"ስለምንታይ ሞያ ዘይብልካ?"

"ኣይተመሃርኩን።"

"ስለምንታይ ዘይተመሃርካ?"

"ትምህርቲ ኣይፈቱን እየ።"

"ስለምንታይ ግን ትምህርቲ ዘይትፈቱ?"

"ከም ትምህርቲ ገይሩ ዘጽልኣኒ የብለይን።"

"ዋላ ካብ ጌጋኻ ምምሃር ዲኻ ዘይትፈቱ?"

"እንታይ ተጋግየ?"

እቲ ኣማኻሪ ዝብሎ ዝጠፍኦ መሰለ። ደቓይቕ ተቘጽሩ። ብድሕሪ'ዚ እቲ ኣማኻሪ ንብረቱ ጠርኒፉ ካብታ ክፍሊ ንምውጻእ ተበገሰ። ብዘይ ዝኾነ ቃል ናብ ማዕጾ ገጹ ምስ ሰጕመ ግን ሓደ ነገር ከም ዝረሰዐ ናብቲ ካብ ዝተቐመጦ ፍሕት ከይበለ ዝምልከቶ ዝነበረ ገበነኛ ተመልሰ። ቅርብ ኢሉ ከኣ ከምዚ በሎ፤

"እንታይ ከም ዝተጋገኻ ክትፈልጥን ክትኣምንን ክሳብ ዘይጀመርካ፡ ሓድሽ ነገር ክፍጠር ዝኽእል ኣይመስለንን።"

***

ሓንቲ ኣደ ወዲ ሸሞንተ ዓመት ወዳ ኣኸቲላ ናብ ቤት ጽሕፈት ሓደ ርእሰ መምህር ትግስግስ ነበረት። ሕርቃን፡ ጓሂን ቍጥዐን ኣብ ገጻ እናተነበበ ናብቲ ቤት ጽሕፈት እንክትኣቱ፡ ማዕጾ ክትኰሕኵሕ ከም ዘሎዋ ንምሕሳብ እውን ዓቕሚ ኣይነበራን። ሰላምታ እውን ኣብ ገዛኣ ገዲፋቶ መጺኣ።

"መምህር እዚ ቈልዓስ እንታይ እዩ ገይሩ። ናይ ዓሚ ከይኣክል፡ ሕጂ ከኣ እታ ናይ ቍጽሪ መምህሩ ፍርቂ ነጥቢ ብሰንኪ ምቕራጻ ካብ ዩኒት ቀዳማይ ክወጽእ ዝግብኦ ካልኣይ ወጺኡ፡" ኣብ ማእከል እቲ ቤት ጽሕፈት ብሕርቃን ተባርዐት።

"ሓንሳብ ህድእ በሊ እሞ፡" በለ ርእሰ መምህር።

"ዓሚ ዝሃዳእኩዎ ይኣኽለኒ። ሕጂ ግን ነዛ መምህር እዚኣ ካብ ወደይ ነጥቢ ቈሪጻ፡ ንኻልኦት ከተሸልም?"

ኣብታ ኣጋጣሚ እቲ ወዲ ሸሞንተ ዓመት ቈልዓ ካብ ቍጥዐን ቃላትን ኣደኡ ዝተላዕለ፡ ብዙሕ ነገር ኣብ ኣእምሮኡ ክጽሕፍ ጀሚሩ ነበረ። ኣብ ትምህርትን መምህራንን ዝነበሮ እምነት፡ ምስ መማህርቱ ዝነበሮ ምትሕግጋዝን ፍቕርን፡ ዕዉት ናይ ምዃን መረዳእታኡን ኣብ ከውሒ ከም ዝወደቐ ገልዒ ሓሸምሸም ኢሉ ተሰባበረ።

ኣብታ ዝቐጸለት ዓመት፡ እቲ ቈልዓ ናይ ትምህርቲ ድልየቱ ኣብ ሑጻ ከም ዝኣቱ ማይ ቀስ ኢሉ ክሰቱኽ ተራእየ። ዕድመኡ ወዲ ትሽዓተ ዓመት ኮይኑ ነበረ። ዕድመኡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ክፍሊ ዝወጽኦ ተርታ እውን ንላዕሊ ገጹ ከደ። ካብ ክፍሉ ታሽዓይ ታርታ ወጽአ።

ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት እቲ ቈልዓ ኣብ ናይ ንእስነት ዕድመ እንክበጽሕ፡ ካብ ናይ ትምህርቲ ፍቕሪ ርሒቑ ነበረ። ናይዚ ምኽንያት እውን ኣብ መባእታ ደረጃ ሓንቲ መምህር ፍርቂ ነጥቢ ስለ ዝቘረጸትሉ ምዃኑ ይዛረብ ነበረ። ይኹን እምበር ሓደ መዓልቲ ኣብ ሓደ ዓምዲ ናይ ሓደ ጋዜጣ ከምዚ ዝብል ጽሑፍ ረኸበ።

'ስለምንታይ ኢኻ ሕማቕ ኴንካ? ስለምንታይ ኣብቲ ክትበጽሖ ዝግብኣካ ዘይበጻሕካ? ክትረኽቦ ዝግብኣካኸ ስለምንታይ ዘይረኸብካ? … ሰባት ክብድሉኻ ክበገሱ ይኽእሉ እዮም። እቲ ዝኸፍአ ነገር ግን ንስኻ ንተበዳሊነት ዝተቐረብካ ኴንካ ምጽናሕ እዩ። እቲ ዝኸፍአ ከኣ በቲ ንሳቶም ዝወጠኑዎ ክፍኣት ንኽትጠፍእ ኣእምሮኻ ቍሩን ምዃኑ እዩ። እምበርከ፡ ብሰንኪ እቶም ከውድቑኻ ዝደልዩ ሰባት ውዱቕ ኴንካ ምንባርካ፡ ኣብ ገዛእ ውድቀትካ ተሓባባሪ ትኸውን ዶ ኣየለኻን?!'

እቲ መንእሰይ ነታ ጋዜጣ እንክዓጽፋ፡ ነታ ኣብ መባእታ ደረጃ ትምህርቱ ፍርቂ ነጥቢ ዝቘረጸትሉ መምህሩ ዘከራ። ካብኡ ንንየ ግን ንሱ ኣዝዩ ብዙሕ ነጥብታት ብገዛእ ሕመቑ ከም ዝኸሰረ ክሓስብ ጀመረ። ዋላ እኳ ኣደኡ ብዛዕባ እታ ካብ ዩኒት ካልኣይ ደረጃ ንኽወጽእ ፍርቂ ነጥቢ ቈሪጻ ዝበለታ መምህር ሕማቕ እንተ ተዛረበት፡ ምስ ትምህርቱን መምህራኑን ዝነበሮ እወታዊ ርክብ ንኽቋረጽ ግን ዓቢ ኣጽተዋጽኦ ከም ዝነበራ ገምገመ። እዚ እናኾነ ናብ መወዳእታ መስመር እታ ዓምዲ ተመልከተ። ብዝርኣዮ ውሽጡ ተረትዐ።

'ንስኻ ክትጋገ ትኽእል ኢኻ፣ ካልኦት እውን ክጋገዩ ይኽእሉ። እቲ ወሳኒ ነጥቢ ግን ድሕሪ ጌጋ ዝህልወካ ግብረ መልሲ እዩ። ምኽንያቱ ጌጋታት ከም ካርታቬትራታ እዮም። ዋላ ንግዚኡ የቖንዝዉኻ፡ እንተ ተማሂርካሎም ከም እተንጸባርቕ ክገብሩኻ ይኽእሉ።'

## ሓሳባት

# ብቑዕ ምኳን

ጀሚል ስዒድ

ናይ ኮለጅ ናይ ቀዳማይ ዓመት ትምህርቱ ምስ ዛዘመ፡ ንዕረፍቲ ናብ ገዝኡ ክኸይድ ኣይደለየን። ኣብቲ ኮለጅ ድሕሪ መማህርቱ ተረፈ። ኲሎም ነናብ ቤቶም ካብ ዝኸዱ ካልኣይ መዓልቲ ሓለፈ። ናይ ቀዳማይ ዓመት ውጽኢቱ ምስ ተዋህበ፡ ነታ ዓመት ክሰግራ ምኽኣሉ ኣዕሚቑ ድሕሪ ምስትንፋስ ኣመስገነ። ጸኒሑ ግን ሓደ ነገር ዘከረ። ብምሕላፉ ኣብ ገጹ ዓሲሉ ዝነበረ ብርሃን፡ እናቐሃመ ከደ፣ ተደወነ ኸኣ። ስድራቤቱ፡ ብፍላይ እቲ ኣቦኡ ኣቓዲሙ ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቱ ዛዚሙ፡ ኣብ ስራሕ ዓለም ሰምን ዝናን ዘጥረየ ኣቦኡ እቲ ውጽኢት ምስ ረኣየ እንታይ ከም ዝብሎ ኣብ ዓይነ-ሕልናኡ ቀረጾ።

'ከመይ ነበረ ትምህርቲ?'

'ድሓን'ዩ ኣቦ።'



'ድሓን እንተ ኢልካ ጽቡቕ ኣይነበረን ማለት'ዩ፣ ጂ.ፒ.ኤ. እስከ ኣርእየኒ፡' ክብሎ ክረኣዮን ትንፋስ ክሓጽሮን ሓደ ይኸውን ነበረ። እዚን ወዲ ኸምዚን እናሓሰበ ብጭንቀት ተበልዐ። እታ ልዕሊ ኣቦ እትቃጻዕን እትከታተልን ኣደኡ ብህይወት ክትህልወሉ ተመነየ፣ ንሳ እንተ ትህሉ፡ ጽቡቕ ውጽኢት ናይ ዘይምምጽኡ ድርኺት ካልእ ትርጕም ኣይምሃለዎን። "ድሕሪ ኣደኦምሲ ዝከታተሎም ስኢኖም ዲኻ ኩተብለኒ፡ " ዝብል ኣቦኡ እናሻዕ ኣብ ኣእዛኑ የቃልሕ ነበረ። ነታ ዓመት ዘሰግሮ ነጥቢ ኣመዝጊቡ'ዩ ግና ውሑስ ከም ዘይኮነ ጽቡቕ ገይሩ ዝፈልጥ ወላዲ ከዐሽዎ'ውን ኣይክእልን። ኲሉ ተደማሚሩ ኸኣ ንስድራኡ፡ ኣውራ ኸኣ ንኣደኡ፡ ዝጠለመ፡ ዘሕነኸ፡ ዘንዓቐ ኩይኑ ተሰመዖ። ውሽጡ ተጕድአ። እቲ ናይ ክራማት ዕረፍቲ፡ ከመይ ኢሉ ናብ ገዝኡ ከም ዝኸይድ ጨነቖ።

ዘይተረፈካ ጋሻ ኣጥቢቕካ ሰዓሞ ከም ዝብሃል፡ ጥኒኑ ገዝኡ ክኣቱ፡ ግብረ-መልሲ ኣቦኡ ሰሚዑ ኸኣ ካብ ገዛኡ ክሕክል እናሓሰበ ገዝኡ ኸደ። ከምቲ ዝገመቶ፡ ምስ ኣቦኡ ተራኸበ።

"ከመይ ነይሩ ትምህርቲ?"

"ድሓን'ዩ ኣቦ።" ብኅቦ ዓይኑ ናብ ኣቦኡ ጠመተ።

"ድሓን'ዩ ካብ በልካ ደኣ…፡" ዘረባ ኣንጠልጢሉ ትም በለ ኣቦ። ወዲ ኣብ ብጫፍ መቐመጫኡ ኮፍ ኢሉ ነበረ። "ውጽኢትከ? ክንደይ ኮነልካ ጂ.ፒ.ኤ.?"

"2.24፡" ንሓደኣ ሰንደዋ። ኣቦ ንታሕቲ እናጠመተ ትም በለ። ንሱ ግን ድሮ ርሃጽ ብኽልተ መታልሑ ወረር የብል ነበረ። ድሕሪ ነዊሕ ስቕታ ኣዕሙቑ ኣስተንፊሰ ኣቦ፣ በለ ድማ፤

"ቀዳማይ ዓመት ካብዚ ዝበልጽ ውጽኢት ክህልወካ ጽቡቕ ነይሩ። ምኽንያቱ፡ ኣብዚ ዝተረፈ ዓመታት እንታይ ይገጥመካ ስለ ዘይትፈልጥ። ጂ.ፒ.ኤ. እንተ ነፋዕካ ብውሑድ ይውሰኽ፡ እንተ ሓመቕካ እውን ብእኡ መጠን ይጕድል። እዚ ዝመጽእ ዓመታት ዝያዳ ክብድሃክ ምኳኑ ፍለጥ። ብዓንደ-ርእሱ ግን እቲ ካብዚ እትመሃሮ ነገር፡ ምሕላፍ ወይ ምትራፍ ኣይኰነን። ሕቶ ብቑዕ ምኳን እዩ። ህይወትካ በዚ ሕጂ እትመሃሮ ክትነብራ ትኽእል ዘይክትነብራ ትኽእል፣ ጽባሕ ትሰርሓሉ ዓውደ-ሞያ ካብ ትምህርትኻ ዝተፈልየ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ህይወት ብቕድሚኻ ትቐርበልካ ኣይትፈልጦን ኢኻ። ግን ኲሉ ሳዕ ብቑዕ ንምኳን ትሰርሕን ትጽዕርን ሰብ እንተ ኼንካ ኣብ ዝኣተኻዮ ኣይክትወድቐን ኢኻ። ደጊም ከምቲ ካልኣይ ደረጃ ከለኻ ኣይኮንካን፣ ሎሚ ሰብኣይ ኢኻ። ብቑዕ ሰብኣይ ኴንካ ክትወጽእ ከኣ ናትካ ሓላፍነት እዩ። እቲ ካባይ ትደልዮ ኲሉ ክቐርበልካ እኽእል'የ፣ ብቑዕ ሰብ ክትከውን ግን ናትካ ጻዕርን ትግሃትን'ዩ ዝድልየካ። ኣጆኻ በርትዕ!" ኣብ ዝባኑ ጠብጢቡዎ ከደ።

# መዛነዪ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ብዛዕባ ትሕዝቶን ጥቕምን ፍሩታ

• ማንጎስ፦ ኣብ ማንጎስ ቫይታሚን ኤን ሲን ደርከቡ፡ ማንጎስ ካብ ጋህምን ሩጥባን ክከላኸለልና እኽእሎ፡ ከምኡ'ውን ቀንዲ ምንጪ ማዕድናት ቪታሚን ሲን ኤን እዩ። ብዘይካ'ዚ ማንጎስ ንገረርና የጸርየን ጥዑም ድምጺ ንኽህልወና ይሕግዘን መመቀሪ ጸብሒ ኮይኑ'ውን የገልግል'ዩ። ማንጎስ ኣብ ጥዕና ዓይኒ፡ ምሕቃቕ መግቢ፡ ምክልኻል ሕማም መንሽሮን ጥዕና ልቢን ዓቢ ተራ ከም ዝጻወት ይንገረሉ።

• ባናና፦ ባናና ልዑል ትሕዝቶ ዘለዎ ፍሩታ'ዩ። ባናና ቀንዲ ምንጪታት ፖታስየምን ጽሕጎን'ዩ። መኣዛታት ዝመልኦ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ኣብ ደም ዝርከብ መጠን ሽኮር ብምቊጽጻር'ውን ፍሉጥ'ዩ። እዚ ኣደናቒ ፍሩታ ብቐዛሎት ንዘሳቕዩ' ዋሕዲ ደም ዘለዎ ሰባት'ውን ሓጋዚ እዩ። እዚኦም ገለ ካብ ኣደንቕቲ ሓቅታት ፍሩታ ባናና እዮም።

ድርቀት ኣብ ዝስመዓካ ግዜ ዝበሰለ ባናና ምስ ትበልዕ ድርቀትካ ይጠፍእ። እዚ ዝኾነሉ ድማ ዝበሰለ ባናና ድርቀት ኣብ ምንካይ ብዘሕግዙ ጽሕጎን ፖታስየምን ሃብታም ብምኳኑ'ዩ። እቲ ጽሕጎ ቀልጢፉ ዝሕቅቕ ብምኳኑ እዩ። እቲ ጽሕጎ ቀልጢፉ ዝሕቅቕ ኣብ ውሽጢ መዓንጣ ዘሎ ምንቅስቓስ ሓጋዚ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት እቲ ጽሕጎ ብሰውነትና ብቐሊሉ ዝውሓጥ ብምኳኑ እዩ። ስለዚ ድርቀት ክስመዓና እንከሎ ዝበሰለ ባናና ምብላዕ ጥቓሚ እዩ። ዘይበሰለ ባናና ልዑል ስታርች ስለ ዘለዎ ድርቀት ይስዕብ እዩ።

• ለሚን፦ ለሚን ኣብ ጥዕና ኣውራ ካብ ዝፍለጠሉ ብልጫታቱ፡ ካብ ሕማም ኣብ ምክልኻል ዘሀቦ ረብሓ እዩ። ብሰንኪ ዋሕዲ ቪታሚን ሲ ዝፍጠር ብሕክምና 'ስከርቪ' እናተባህለ ዝፍለጥ ሕማም፡ ለሚን ብምውሳድ ክንከላኸሎ ንኽእል።



alamy - DNFA86

ስከርቪ ዝሓዞ ሰብ ዋሕዲ ቪታሚን ሲ ኣለዎ ማለት እዩ። ስከርቪ ዘለዎ ሰብ ከኣ ብቐሊሉን ብተደጋጋምን ሰዓል ክጥቅዖ ይኽእል። ቊርበቱ ብፍላይ ከናፍሩ ይነቕጽ። መልሓሱን ኣፉን ይቖስል። ግርጻኑ ተኣፋፍን ደማይን ይኸውን። ለሚን ብዘለዎ ጸዑቕ ትሕዝቶ ቪታሚን ሲ እምበኣር ንሕማም ስከርቪ ክንከላኸሎ ንኽእል ኢና። ለሚን ብዘለዎ ኣሲድ መግቢ ኣብ ምሕቃቕ ይሕግዝ። ንምሕቃቕ መግቢ ዝሕግዙ ፈሳሳት ከስዕ ድማ የሐይል። ኣብ ለሚን ዝርከብ ኣሲድ መዓንጣ ኣብ ምጽራይ ይጠቅም። መዓንጣ ክጽሪ እንከሎ ድማ ድርቀት ክሃድእ ከም ዝኽእል ክኢላታት የረድኡ። ለሚን 'ፍላቮኖይድስ' ዝተባህሉ ሓያሎ ዓይነት ሕማማት መዓንጣ ዝከላኸሉ ትሕዝቶ ኣለዎ። ቅሩፍ ለሚን ምሽታት፡ ኣብ ምህዳእ ምዕውልዋል መሪሕ ተራ ይጻወት። ኣብ ኣካላት ሰብ ተዋህሊሎም ሕማማት ከስዕቡ ዝኽእሉ ርስሓት ውሽጣዊ ኣካላት ጸራሪት ዝኣሊ ትሕዝቶ 'ኣንቲ ኦክሲዳንት' ኣለዎ። ለሚን ልዑል ትሕዝቶ ፖታሽየም ኣለዎ። ፖታሽየም ፈሳሲ ኣካላትና ኣብ ምድልዳልን ኣብ ኩሊትን ፍሕኛን ክእከቡ ዝኽእሉ ንጥዕና ዝጸብኡ ርስሓት ስለ ዝጸርግን ካብ ለሚን ብቐሊሉ ክንረኽቦ ንኽእል ኢና።

• ወይኒ፡ ብዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ካብ 65 ሚእታዊት ክሳብ 85 ሚእታዊት እቲ ዝበዝሐ ትሕዝቶ ብማይ፡ ካብ 10 ሚእታዊት ክሳብ 33 ሚእታዊት ከኣ ብሽኮር፡ ጋልክ ኣሲድ፡ ሳልስሊክ ኣሲድ፡ ማግኒዥየም፡ ካልሽየም... ወዘተ ዝቖመ እዩ። ወይኒ ኣብ ምፍዋስ ውሽጣዊ ንጥፈታት ኣብ ምፍዋስ ጸገማት ጸላም ከብዲ፡ ኮላሊት፡ ሳንቡእን ልብን ዓቢ ግደ ኣለዎ። ወይኒ ንልዑል ጸቕጢ ደም፡ ነድሪ ሳንቡእ ይፍውስ። ነቲ ብሰንኪ ዋሕዲ ደም፡ ጋስትራይት፡ ሕደሩ ቃንዛ ኣፍ ልቢን ድርቀትን ዝተዳኸመ ኣካላት የጠንክር። ኣብ'ቲ መጀመርያ ደረጃ ናይ ሕማም ቲቢ፡ ኣብ ኣመጋግባኻ ወይኒ ምዝውታር ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ። መዓልታዊ ንነውሕ ዝበለ ግዜ ጽማቝ ወይኒ ምስታይ ልዑል ጸቕጢ ደም ንኽነድል ይሕግዝ። ብተወሳኺ ሰዓል፡ ቃንዛ ኣፍ ልቢ፡ ናይ ኣፍ ቁስሊ፡ ጸገም ኣመሮድየን ንምፍዋስ ዙቡብ ምምጋብ ጠቓሚ'ዩ።

## ንኣሉታዊ ጸቕጢ ዓርኪ-መሓዛ ብኸመይ ትብድሆ

"መን ምኳንካ ክነግረካ ምስ መን ከም እትኸይድ ንገረኒ" ከም ዝበሃል፡ ኣዕሩኽትና ኣብ ምምራጽ እምበዛ ጥንቁቓት ክንከውን ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ጥዑያት ዓርኩመሓዛ ክጠቕሙኻ ከለዉ፡ ዘይእዱባት ዓርኪ መሓዛ ኪጎድኡኻ ግድን እዩ። ብሰንኪ ኪይብሉኒ፡ ካብ ክንብሎን ክንገብሮን እንሓስቦ ርትዓዊ ድሌታትና ምትራፍ፡ ወይ ንኡብስና ናጽነት ምኽላእ'ዩ። ካብ ምውሳንካ፡ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ንነብስኻ ሕተት፦ - እዚ ክውዕሎ ሓሰብ ዘለኹ፡ ብሓቂ ክገብሮ እደልዩ ድየ? - እዚ ውሳነ ብሓቂ ናተይ ድዩ ዋላ ብጾተይ ስለ ዘገደዱኒ እየ ዝገብሮ ዘለኹ? - እዚ ዝወስዶ ዘለኹ ውሳነ እንታይ ወጽኢት ክህልዎ እዩ ወይ እንታይ ዓይነት ሳዕቤን ከኸትለለይ ይኽእል ብምባል ንገዛእ ርእስኻ



ከምዚ ዓይነት ኣሉታዊ ጽልዋ ዓርኪ መሓዛ ንምንጋፍ፦

• ኣይፋል ምባል ተላመድ። ንቕሉዕ ሰሚዒታትካን እምነታትካን'ሞ ተገዛእ፡ ሕማቕ ካብ ጸቡቕ ንምፍላይ ኣይክትሽገርን ኢኻ። ውሽጣዊ ሓይልን ርእሰ ተኣማንነትን ብምምዕባል፡ 'ኣይፋል ንዘይኣምነሉ ነገር' ብምባል ኣድምጽ። ሽዑ ካብ ኣሉታዊ ጸቕጢ መዛኑ ክትናገፍ ኢኻ።

• ምስ ዕላማኻ ዝሰነ ብጾይ ኣናዲ። መዛኑኻ ዘይደለኻዮ ነገር ክትገብር ክገድዱኻ ከለዉ፡ እንተ ውሑድ ሓደ ከም ናትካ ዕላማ ዘለዎ ብጻይ ክተናዲ ጸቡቕ'ዩ። እዚ ብጻይካ፡ ኣብ'ቲ ዘይደለኻዮ ነገር ንኸይትገብር ዝወሰድካዮ ውሳነ ንኸተጽንዕ ክሕግዘካ እዩ። "ብጻይካ ጥዑይ ክኸውን ኣለዎ" ዚብል ምኽሪ ካብ ወለድኻ ኮነ መማህራንካ ብተደጋጋሚ እትሰምዖ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ንሱ'ዩም ዝ ምኽሪ ክልግሰልካ ከለዉ፡ ንጸቕጢ ማዛና ብጾቱእ ስለ ዘርድእምን ብእኡ ስለ ዝሓለፉን እዮም። ማስተ ዘይለኽፉ፡ ሽጋራ ዘየትክኹ፡ ንእደሪብዩም ብሓሶት ዘየታልሉ ኣዕሩኽ እንተ'ለዉኻ፡ ንሽኻውን ዛዓም ዝተጠቕሱ ነውርታት ንኸይትፍጽም ዘሎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

• ዝኾነ ጉዳይ ክትውዕሎ ቅድሚ ምሕታት ይሓኣል።

• ክትብጽሖ እትደሊ ንጹር ዕላማ ይሃሉኻ፡ ዝ ዕላማዚ ብቑጻሊ ኣብ ኣእምሮኻ ደጋግም እሞ፡ ኣካል ራእይኻ ኩይኑ ክቕጽል'ዩ። ካብዚ ዕላማዚ ከናደብካ ዝፍትን ሓይሊ ምስ ዝመጽእ ድማ፡ እቲ ብቐጻሊ ኣብ ኣእምሮኻ ዝኸሰኩሶ ንጹር ራእይ፡ ዋልታ ኮይኑ ክከላኸለልካ እዩ።

• ንኡብስኻ ከም መራሒ ቈጽርካ ተጓዓዝ፡ በዚ መገዲ ካብ ካልኦት ክመጽኣካ ንዘኽእል ኣሉታዊ ጸቕጥታት ክትብድህ ትኽእል ኢኻ።

• ኣደካ ኣይትሃብ፡ መብዛሕትኡ ግዜ እቶም ብጸቕጢ መዛኑ ዝጽለዉ፡ እቶም ድኹማትን ነፍሰ ምትእምማን ዘይብሎምን እዮም። ስለዚ፡ ወትሩ ኑብስኻ ናታ ክብሪ ከም ዘለዋን ካብ ማንም ሰብ ከኣ ከም ዘይትትሕትን እመን። ጸገማት ኣብ ዘጋጥሙኻ መጀመርታ ባዕልኻብዛእ ርእስኻ ክትፈትሖም ፈትን። ልዕሊ ዓቕምኻ እንተ ኮይኖም ድማ ሰባት ኣማኽር። እቶም እተማኽርዎም ሰባት ግና ጸገማትካ ኣብ ምብዳህ ዝሕግዙኻ እምበር፡ ንግዜኡ ካብ ጸገማትካ ሃዲምካ ንኽትሕቢል ዝደፋፍኡኻ ክኾኑ ኣይግባእን።

## ግዜኻ ምስ 'ስክሪን' ምሕላፍን ሳዕቤናቱን

ቴክኖሎጂ ኣብ ናብራና ኣሳልጦን ለውጥን ብምሃብ ልዑል ኣበርክቶ ይገብር ኣሎ። እዚ ክንብል ከሎና ግን፡ ኣሉታዊ ሳዕቤናት የብሉን ማለት ኣይኮነን። ካብ ዓቐን ንላዕሊ እንተ ተጠቒምናሉ፡ ብፍላይ ብዙሕ ግዜ ኣብ ገጽ (screen) ሞባይል፡ ላፕቶብ፡ ኮምፒዩተር፡ ምሕላፍ ኣብ ስነ-ኣእምሮኣውን ኣካላውን ጥዕና ማዕረ ክንደይ ሓደገኛ ምኳኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ብፍላይ ምስ ሞባይል እነሕልፎ ግዜ ብዙሕ ከም ምኳኑ መጠን ጥንቃቐ ይሓትት። ገለ ካብ'ቶም ዝርኣዩ ብዙሕ ግዜ ኣብ ስክሪን ምሕላፍ ዝርኣዩ ኣሉታዊ ሳዕቤናት፦

• ስምዒት ጽምዋ፡ ጸቕጢን ስልክዩናን የስዕቡ፡ ገለ ክኢላታት ከም ዝገልጹዎ፡ ኣብ መዓልቲ ብውሑዱ ንኽልተ ሰዓትን ዕስራ ደቒቕን ዝኣክል ግዜ ምስ ሞባይል እንተ ኣሕሊፍናዮ፡ ኣብ ዓመት ኣስታት 35 መዓልትታት ኣብ ሞባይልና ነኸፍ ማለት'ዩ። እዚ፡ ነቲ ኣብ ከም በዓል ላፕቶፕም ካልኦትን ዝጠፍእ ግዜ ኣብ ግምት ከየእተኻ ማለት'ዩ። ኣብ ህይወትና ምስ ሞባይልና እነሕልፎ ግዜ እንተ ደሚርናዮ፡ ካብ ዕድመና ክንደይ ሚእታዊት ምስ ሞባይልና ከም ነሕልፎ ክንፈልጥ ንኽእል።

• ሕማም ልቢ ናይ ምቅላዕ ተኽእሎ የዛይዶ እዩ። ኩሉ ግዜ ብዙሕ ሰዓታት ኣብ ሞባይል ከምኡ'ውን ኣብ ላፕቶብ ምሕላፍ፡ ጠቓሚ ቅዲ ኣነባብራ ኣይኮነን። ክኢላታት ከም ዝገልጹዎ፡ ኣብ መዓልቲ ክሳብ 4 ሰዓትን ልዕሊኡን ምስ ሞባይል ዘሕልፉ ሰባት፡ ምስ'ቶም ንመዓልቲ ክልተ ሰዓትን ትሕቲኡን ግዜ ምስ ሞባይል ዘሕልፉ ሰባት ክወዳደሩ ከለዉ፡ ዚያዳ ዝለዓለ ጉድኣት ከም ዝወርዶም ይሕብሩ።



• ንቕመና ስብኮት ብኣሉታ ይጸሉ። ሞባይል ወይ ኮምፒዩተር ኣብ እንጥቀመሉ ግዜ ቁመና ክሳድናን ሕቖናን ከምቲ ዝድለ ትኽ ስለ ዘይብል፡ ምስ ግዜ ኣብ ጥዕናና ጸገማት የስዕብ።

• ብዙሕ ግዜ ኣብ ስክሪን ምሕላፍ ጭንቀት ከም ዘዕቢ ክኢላታት ይሓብሩ። ኣብ 2014 ኣብ ልዕሊ ተማሃሮ ኮለጃት ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ንብዙሕ ሰዓታት ምስ ምባይል ምሕላፍ ንጭንቀትካ ኣዛይዱ፡ ሓፈሻዊ ሓጎስካ ከም ዘጉድል ዘመልክት ወጽኢት'ዩ ተረኺቡዎ። እቲ ዝዓበየ ጸገም ግን ኣብ ዓይንና ስለ ዝኾነ፡ ዓይንና እንተውሓደ ድሕሪ ፍርቂ ሰዓት ካብ ሞባይል ምጥቃም ክዕረፍ የድሊ። እንተዘይኮይኑ ግን ናይ ምድራቕን ምድካምን ተኽእሎኡ ልዑል'ዩ ዝኸውን።

• ድቃስ ምእባይ የኸትል። ብፍላይ ኣብ ግዜ ምሸት ሞባይል ምጥቃም፡ ሰሚያዊ ሕብሪ ጉዳኢ ስለ ዘኸትል ድቃስ ከም ንስእን ይገብረና። እቲ ከም ሳዕቤኑ ዝኽሰት ስእነት ድቃስ ድማ፡ ኣብ ጥዕናና ጸገማት የኸትል።

### ጥቕስታት መዛነዪ

• "ሰብ፡ ጌጋታቱ ንምቕባል ዝኽእሎ እኹል ዕበየት፡ ካብ ጌጋታቱ ንኽመሃር ዝኽእሎ እኹል ልቦና፡ ጌጋታቱ ንኽእርም ዝኽእሎ ሓይሊ የድልዮ"- **ማያ ኣንጀሎ**

• "ነቲ እንርእዮ ጥራይ ኣይኮናን እንኣምኖ፡ ነቲ እንኣምኖ'ውን ንርእዮ ኢና"- **ኣልበርት ካሙስ**

• "ብዛዕባ ትማሊ ጥራይ እናሓሰብካ፡ ዝሓሸ ጽባሕ ክህልወካ ኣይክእልን እዩ።"- **ቻርለስ ከተርንግ**

• **"ለውጢ ኩሉ ሳብ ህያብ ሐዙልካ እዩ ዝመጽእ።"- ዘይተፈልጠ**

ርእይቶ

# ሰናይ ሓሳብ ተማሃሮ እምባህራ ኩልና ንስዓቦ

ብባህርኡ ወዲሰብ ደላዩ ጸቡቕ እዩ። ኑብሱን ቤተሰቡን ዓዱን ሃገሩን ብሉጽ ክኸውን ዘይደሊ ሰብ ኣሎ ክብሃል ኣይከኣልን። ኩሉ ወላዲ ደቁ ኣምሂሩ ናብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሖም፡ ፍረ ጻማኡ ክርኢ ሃረር ምስ በለ እዩ። ተማሃሮ መንእሰያት ደቅና እውን ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ክሳብ ዓሰርተ ሓደ ክፍሊ ክበጽሑ ዘሕልፍዎ ድኻምን ጻዕርን ቀሊል ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት ተማሃሮ ዕላማኦም ክበጽሑን ንምጭባጡ ጻዕርም ክዘይዱን ወለዲ ትጸቢቶም ክሰምር፡ ኣብ መንጎ ወለዲ ተማሃሮን ቤት ትምህርቲን ቀጻሊ ምዝርራብ፡ ምምኽኻርን ምግትሳስን ኣገዳሲ እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ እየ ነዛ ለበዋ እዚኣ ዘቕርብ ዘለኹ።

ዓመት መጸ ተመሃሮ 11 ክፍሊ ንሳዋ ቅድሚ ምብጋሶም፡ በበኽፍሎም ይኹን ዝሰማምዑ ኣዕሩኽ ተኣኻኺቦም ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ብመዘቓን መስተን ዝተሰነየ ምዝንጋዕ ክም ዝውድቡ፡ ካብ ዓይኒ ኩልና ዝተኸወለ ኣይኮነን። እዚ ተበግሶ'ዚ ካብ ፍቕርን ሕውነትን ዝበገሰ ይኹን እምበር፡ ኣሉታዊ ሳዕቤናቱ እውን በበውግኑ ክስተብህሉ ዝጸናሕና እዩ።

ምስ ዓርኪ መሓዛን ማዛናን ምሕጋስን ምዝንጋዕን ዝጽላእ ኣይኮነን። የግዳስ እንሓንሳእ ዶብ ክሓልፍ ይርአ እዩ። ሓደት ሕማቕ ባህርያት ዘለዎም መንእሰያት፡ ከምዚ ዓይነት ግብጃታት ንክፉእ ተግባራቶም ጸቡቕ ኣጋጣሚ እዩ ዝኾኖም። ከም ሳዕቤኑ 11 ዓመት መመላእታ ዝደኸሙሉ ዓቢዮም፡ ዝጸበዩዎ ዘሎ ሳልሳይ ደረጃ ትምህርቶም ዛዚሞም፡ ንሰቦምን ስድራቤቶምን ሃገሮምን ብፍልጠቶም ኣኽሪዖም ኣበርክቶ ከይገብሩ ኣብ መንጎ ዝይተደልየ መኻልፍ ዚጋጥሞም ኣይተሳእኑን። ዋላ ሓደት ይኹኑ፡ ኣደዳ ሕማቕ ተግባራትን ወልፍን ኮይኖም ኣይንምዕ ኣይንምወዲ ዘርዝርም ተቐጺዮም ዝተርፉ ኣለው።

ንግብጃ ኢልካ ገዚዕካ ኣጥፊእካ ከይኣክል፡ ንዕድል ተማሃራይ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ፡ ካብቲ ክትብጽሖ ዝደለኻ ዝሸንቅጽን ዘኰናድብን ጥዕና ዘይብሉ ግብጃታት እንታይ ኣምጽአ? ቤት ትምህርቲ እምባህራ ብዛዕባዚ ጉዳይ'ዚ ምስ ተማሃሮኣ ዘትያ ሓደ ሓሳብ ኣበጊሳ ኣላ።

ኣብ መንጎ ተማሃሮ፡ ወለዲን ቤት ትምህርቲን ብዝተኻየደ ዘተ፡ ተማሃሮ 11 ክፍሊ ብምሉእ ድሌቶም ምስቲ ዝተላዕለ ሓሳብ ተሰማሚዖም።

ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ቤት ትምህርቶም ብቐሊል ዝበለ ወጻኢታት ናይ ሓባር ግብጃ ክውድቡ ወሲኖም ኣለው።

ተማሃሮ በበኽፍሎም ነቲ ሓሳብ ዘትዮምሉ፡ ባዕሎም ዝመረጹዎም ካብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ሰለስተ ተማሃሮ ወኪልቲ መሪጾም ድማ ምስ መመሃራኖም ተሓባቢሮም ውዱእ መደብ ኣዳልዮም ኣለው።

ተማሃሮ እምባህራ፥ ነዚ ቅዱስ ተግባር ካልኦት ኣሕዋትና ናይ ካልኦት ኣብያተ ትምህርቲ ከምዝስዕብዎ ኣይንጠራጠርን ዝብል እምነት ኣሕዲሮም ኣለው።

ተማሃሮ 11 ክፍሊ ዓመት መጸ በበወገኖም ዝገብርዎ ግብጃታት እምበኣር፡ ነዚ ናይ ቤት ትምህርቲ እምባህራ ኣብነት ዝተኸተለ እንተኾነ ረብሓታቱ ብዙሕ እዩ። ቅድሚ ሕጂ ሓሓሊፉ ከጋጥም ንዝጸንሐ ሕማቕ ተግባራትን ዘየድሊ ናይ ሓሻሽነት ባህርን ዘወግድ እዩ። ስለዚ ኩልና ወለድን መማህራንን ነዚ ብቤት ትምህርቲ እምባህራ ተበጊሱ ዘሎ ሓሳብ ክንስዕቦ ጸቡቕ እዩ።

ካብ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ (ጁንየር) ጀሚርኩ፡ ተማሃሮ ብዝተበገሶኦም ዝገብሩዎ ግብጃታት እናበዝሐን ኣሰካፊ እናኾነን ክመጽእ ምጽንሑ ኩልና ክንዕዘቦ ዝጸናሕና እዩ። እዚ ግብጃታት'ዚ እምበኣር ብኣፍልጦ ቤት ትምህርቲን ወለዲን ክኸውን ይግባእ። ከምኡ ምስከዝኸውን ንምቁጽጻሩ ካብ ዘደሊ ሳዕቤናት ንምርሓቑን ሓጊዚ እዩ።

ብዙወሳኺ ሰብ ማዛናዊ ትካላት (ኣብያተ መግቢን መስተን ካልኦትን) ነዚም ተማሃሮ ኣብ ዘእንግድሉ፡ ክጥንቀቑሉ ዘለዎም ጉዳይ፡ ኣልኮላዊ መስተ እዩ።

ንትሕቲ ዕድመ ኣልኮላዊ መስተ ምሻጥ ግቡእ ኣይኮነን።

ኣብ ሓያሎ ሃገራት፡ ነዚ ዝምልከት ሕጋጋት ኣሎ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት፡ ትካላት ንትሕቲ 21 ዓመት መንእሰይ ኣልኮላዊ መስተ ክሸጣ ምስ ዝርከብ ክሳብ ምዕጻው ትካል ዝበጽሕ ከበድ ስጉምቲ እዩ ዝውሰደለን።

በዚ ድማ ሰብ ትካል ዕድመ ከይሓተቱ (ታሲራ ከይርኣዩ) ንመንእሰያት መስተ ኣይሸጡን እዮም።

እዚ ኣብ ሃገርና እውን ክልመድን ብዕቱብ ክተሓዝን ዘሎ ጉዳይ እዩ።

ሰብ ትካላት ጥራይ ዘይኮነ ተቐጻጸርቲ ሕጊ ኣቓልቦ ክገብሩሉ ይግባእ።

ተቐጻጸርቲ ሕጊ ኑተን መንእሰያት ዘሰትያ ትካላት ብጥብቂ ክቆጻጸሩወን የድሊ። ኣብ መንእሰያት ኣብ መንጎ ብዙሓት ኩሉ ግዜ ውሕሉዳት ጸገማት ኣለው። ከምዚ ዓይነት ቁጽጽር እንተሎ ግን እቶም ናብ ሕማቕ መንገዲ ዝመርሑ መንእሰያት ዕድል ስለ ዘይረኽቡ፡ ኩሎም መንእሰያት ብጸቡቕ ስነምግባር ተመልሚሎም ንኽኾኑ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ዝገብር እዩ።

ጥዑያት መንእሰያት ናይ ምምልማል ሓላፍነት፡ ናይ መላእ ሕብረተሰብን ትካላት ሃገርን እዩ። ሃገርና ንሰቦም ንስድራኦምን ሃገሮምን ዝሓሰቡን ዘዕበዩን ዘሰምዑን ብዙሓት መንእሰያት ዘፍረየት ሃገር ኢያ። እዞም ብሕጂ ዝዕበዩ መንእሰያትና ድማ ብግቡእ እንተተኸናኺናዮም፡ ንኤርትራ ተኣምር ክፈጥሩላ ከም ዝኽእሉ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ነዚ ክገብሩ እምበኣር፡ ኑቲ ውልዶ ኣእምሮ መንእሰያት ደቅና ምክንኻንን ምሕላውን ናይ ኩልና ሓላፍነት እዩ። ምስዚ ተኣሳሲሩ ተበግሶ ቤት ትምህርቲ እምባህራ ብኹሎም ወለድን ኣብያተ ትምህርቲን ክስዓብ ኣሎ።

**ክብሮም ዓንደሚካኤል**

---

<u>መሓመድ ኑር ያሕያ</u>

# ባድመ ድሕሪ ርብዒ ዘመን

ብናይ ስራሕ መጻኢ ብ13 ሚያዝያ ንግሆ ናይ'ዚ ዘለናዮ ዓመት 2025 ኣብ ባድመ ኣተኹ። ኣጋጣሚ ኮይኑ እታ ዕለት ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ባድመ ኣካል ልኡላዊ ግዝኣት ኤርትራ ምዃና ዝወሰነላ ዕለት እያ ነይራ። በዚ ድማ ንድሕሪት ተመሊሰ እቲ ቀዳማይ ርብዒ ዘመን ኣብ ባድመን ከባቢኣን ዝበረ ኩነታት ኣብ ኣእምሮይ ቅጅል በለ። ኣብ ተዘክሮታት ናይቲ እዋን'ቲ ድማ ክዕዘር ጀሚረ።

ኣብ ኣጋ ምሸት ዕለት 24/02/1999 ምስ ገለ ብጾተይ ጋዜጠኛታት፡ ንባድመ ጸባሕ ክንምለሳ ምዃንና ኣሚንና ጉዒፍናያ ከዝልቕ ከለና ዘከረ።

እታ ምሸት እቲኣ ንኩላትና ማለት ኑቶም ኣብ ባድመ ዝነበርና ጋዜጠኛታት ኣዝያ መሪር፡ ምጽዋርን ጸገምትን እተሓትት እያ ነይራ።

ኣብቲ ሽዑ እዋን፡ ኑቶም ብሽግኢ ደብዳብ ነፈርትን ከበድ ብረትን ግዳይ ሞትን መቑሰልትን ዝኾኑ፡ ገዛኦም፡ ንብረቶምን ሕርሻኦምን ጉዒፎም ዝተፈናቐሉን ነበርቲ ከባቢ ባድመ፡ ብፍላይ ድማ ተቐማጦ ላዕላይን ታሕታይን ዴዴ ቶኾምብያን ካልኦት ዓድታትን ዝኾኑ ዜጋታትና ኣብ ምስናድን ኑቲ ዝቐደ ዝነብረ ጽዕጹዕ ኩናት ኣብ ምክትታልን ዘሕለፍናዮ በዳሂ ኩነታት ተራእየ።

ካብዚ ናይ ወጥሪ እዋን ተዘክሮታት ዘለኣሊሊ ሃገር እንተነይሩ፡ ባድመ ናብ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ተመሊሳ ነበርታ ካብቲ ተፈናቒሎም ንዊሕ ዓመታት ዝተዓቀብሉ ቦታታት ንዓዶም ተመሊሶም ምርኣየይ እዩ። ተቐማጦ ዓድታት ከባቢ ባድመ፡ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ሰላምን ቅሳነትን ክነብሩ ካብ ዝጀመሩ ድሮ ኣስታት 5 ዓመት ኣሕሊፎም ኣለው።

ሎሚ፡ ሓወሲ ከተማ ባድመ በብዮምዚኡ ንዝበጽሕዋ ዘለዉ ዜጋታትና "እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም!" እናበለት ኣብ መዕረፊ ኣጋይሻ፡ ኣብያተ መግቢን ባራታን ትእንግደዎም ኣላ።



እዛ ዝናኣን ሰማን ልዕሊ ብዙሓት ርእሰ ከተማታት ዓለም ዝተጻወዐ ባድመ፡ ሕላገት ክብሪ ልኡላውነት እያ። ነፍሲ ወከፍ ስድሪ መሬት ኤርትራ ዋጋኡ ማዕረ ክንደይ ክቡር ምዃኑ ዘመስከረት እያ። በጺሒታ ነዚ ሓቢኝን ከርዓትን እዚ እያም ብፍሰሃን ደስታን እናስተማቐሩ ዝምገዱዋ ዘለው።

ባድመ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኩሉ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ዝርከብ ተቐባሊት በጺሐቲ ኮይና ኣላ።

ስፍሓታ ካብቲ ቅድም ዝርኣኽዎ ቁሩብ ሰፊሑ ከምዝሎ ተዓዚበ። በዚ ድማ እቲ ቅድም ዝመላለሶ ዝበርኩ ገለ ግዘውትን ግላዊ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎትን ከለልዮ ኣሸጊሩኒ።

እዛ ቦታ ዓውደ ውግእን ኣካል ናይቲ ሰፊሕ ዝርግሐ ዝበሮ ግንባር መረብ ሰቲትን ዝበረት ባድመ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ጸጥታን ህድኣትን ዝሰፈና፡ ከም ዝኾነ ካልእ ክፋላት ኤርትራ ንቡር ህይወት ዝቐጸለ ነበርታ ብዘይ ምሽባርን ራዕድን ዕለታዊ ንጥፈታቶም ዘካይዱላ ሓወሲ ከተማ ኮይና ኣላ።

ድሕሪቲ ናይ መወዳእታን ቀያዲን ብይን ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ባድመ ናብ ልኡላዊ ግዝኣት ኤርትራ ከይትምለስ ብወያነ ተሓቢሮቶምን ብዙሕ ሽርሕታት ተኻዪዱ እዩ።

ድሕሪቲ ኩሉ ናይ ተሰፋ ምቝራጽ ፈተነታት፡ ምትምያን ሓቅታትን ንዊሕ ዝኸደ ዓለቕን፡ ምሕሰም ብይን ኮምሽን ዶብን ግን ኣብ መጨረሻ ክምህ ዘይብል ሕጋውን ወተሃደራውን መኸተ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታታት ምክልኻሉን ተዓዊቱ፡ ባድመ ዳግም ናብ ዋናታታ ተመሊሳ ኣላ። ሕጋዊ ማሳል ወዓሉ ሓዲሩ ናብ ዋናኡ ምምላሱ ዘይተርፍ ምዃኑ ካብዚ ዝዓቢ ምስክርነት የለን።

ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፍወርቂ ንብይን ኮሚሽን ዶብ ኣመልኪቱ ኣብቲ እዋን እቲ ዝሀቦ መግለጺ ዘከረ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ከምዚ ኢሉ ነይሩ፥ "ኮሚሽን ዶብ ውሳኔኡ ሂቡ፡ ዶብት ኣብ ካርታ ኣመልኪቱ፡ ሕጋዊ ስራት ንኽልቲኡ ወገናት ኣረኪቡ፡ ተልእኾኡ ዛዚሙ እዩ። ይኹን እምበር እቲ ካልእ ወገን ካብ ክዉንነት ብምህዳም ነቲ ብይን ተሓሲምዎ ኣሎ።

ንሕና ግን ብሕጋዊ መገዲ ኣህጉራዊ ውሳኔን ልኡላውነት መሬትና ኣውሒስና ኣለና። ኮሚሽን ዶብ ተልእኾኡ ስለዘጸመ ድማ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት ዘጨንቕ ምኽንያት የብልናን።"

ብርግጽ ድማ ባድመ ብኣጉራዊ ቤት ፍርዲ ሕጋዊ መሰል ዝተዓበረላ ልኡላዊ መሬትና ጥራይ ዘይኮነት ደምና ዘፍሰስናላን ሂወትና ዝኸፈልናላን ርስትና እያ። ሎሚ ከም ኩሉ መሬት ኤርትራ እንሆ ሰላምን ርግኣትን ተሰተማቕር ኣላ።

ሕጋውያን ዋናታት ልኡላዊ ግዝኣትና ብምዃንና ድማ፡ ከምቲ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝበሎ፡ ወዓሉ ሓዲሩ ሓቂ ምስዓቱ ስለዘይተርፍ ርስትና ከይተሸራረፈ ናብ ዋናታቱ ተመሊሱ ኣሎ።

ከም ወትሩ ሰድሪ ካብ መሬትና ኣይንህብን! ናይ እንዳኣማትና ኣይንደልን! ዓወት ንሓፋሽ።



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዓለም ሱጥበበ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ምኽሪ ሞያውያን |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 15:15 | ዶክመንት |
| 15:40 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:15 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተሪት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:40 | ዶክመንት |
| 19:20 | ሃሎ ቀልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ሄሪር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝምም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊ ቅድድም ማኪናን ሞተር ብሽክለታን ተኻይዱ ቁጽሪ ደቂ ኣንስትዮ ወሲኹ

ስእሊ - ክብሮም ጸሃየ

ሃገራዊ ቅድድም ማኪናን ሞተር ብሽክለታን፣ ሰንበት 27 ሚያዝያ ኣብ ከባቢ ቤት-ጊርጊሽ ተኻይዱ።




እዚ ናይ 2025 ውድድር፡ ብምኽንያት በዓል ናጽነት 2025 እዩ ተሰሪዑ። እዚ ኣብ ሓጺርቲ ሜትሮታት ክትጠዋወ ዝቐስብ ናይ ጃምካና ጸወታ፡ ሓደ ዙርያ 1.4 ኪሎሜትር ዝሸፍን ነይሩ። ሓደስቲን ነባራትን ተቐዳደምቲ ድማ ተሳቲፎም፣ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ፍልይ ብዝበለ ኸኣ፡ ቁጽሪ ደቂ ኣንስትዮ ተቐዳደምቲ ካብ ሓንቲ ካብ ሰለስተ በጺሑ።

ፈለማ ናይ 1000 ሰሲ. ጀመርቲ ተቐዳደምቲ ትሸዓተ ዙርያ ዝሸፈነ ጸወታ ኣካይዶም። 45 ሓዩሊ ፈረስ ዘለዋ መኪና ዝዘወረ ኣቤል ሃብተስላሴ ድማ፡ ንፍናት ሚካኤል ኣኸቲሉ ተዓዊቱ። ሮቨር ዝዓይነታ መኪና ሐዛ ዝተወዳደረት ቤቴልሄም ፍጹም፡ ኣብ ቀዳማይ ሰታፊኣ ሳልሳይቲ ወጺኣ።

10 ዙርያ ዝተሰርዓሎም ነባራት ናይ 1000 ሰሲ፡ ኣብ ምድብ 'ሀ'ን 'ለ'ን ተኸፊሎም ተወዳዲሮም፣ 10 ዙርያ ተሰሪዑሎም። ኣብ 'ሀ'፡ ፊያት ኡኖ ዝዘወረ ናትናኤል ተስፋይ፡ ካብ ፈለማ ዙርያ መሪሑ ተዓዊቱ። ከም ናቱ ተመሳሳሊት መኪና ዝሓዙ ኣዳም ደብሳይን ደንያም እምባዮን ተመራሪሖም ኣትዮም።

ኣብ ምድብ 'ለ'፡ ኣብ መንጎ ሚሮን ተወልደመድህንን ኣለም ጉብርኣብን ኣዝዩ ውድድር ተራእዩ። 900 ሰሲ. ዝሓዘ ሚሮን ወላ'ኳ ካብ ፈለማ ወጺኡ ነዊሕ እንተመርሐ፡ ኣብ 1970ታት ኣብ ኢትዮጵያ ድሒሩ ከኣ ኣብ ኣመሪካ ይወዳደር ምንባሩ ዝገለጸን ቸንቶ ቤንቲ ሰተ (127) ዝዘወረን ኣለም ግና፡ ኣርኪቡ ረኪብዎ። ንፍታሌም በረኸት፡ ሳልሳይ ኣትዩ።



ነባራት ናይ 1300 ሰሲ.'ውን ኣብ ክልተ ምድብ ተኸፊሎም 13 ዙርያ ሸፊኖም። ኣብ ቀዳመይቲ ምድብ፡ ፋኑኤል እምሆዩ እዩ ንዳኒኤል ቦኽረጼንን ዳዊት ማዕዛዮን ኣኸቲሉ ተዓዊቱ። ኣብታ ካልኣይቲ ምድብ ድማ፡ ዓወት ወልዱ ንመወዳድርቱ ብሰፊሕ ፍልልይ በሊጹ ቀዳማይ ኣትዩ። ኣማር ኢማምን የሃንስ ኣፈወርቂን ካልኣይን ሳልሳይን ኣትዮም። ኣብዚ ምድብ፡ ሺሸን የለ ዝሰማ ጓል ኣንስተይቲ ተወዳዲራ።

ብዘይካዚ፡ 15 ዙርያ ዝተሰርዓሎም ናይ 1600 ሰሲ. ተቐዳደምቲ፡ ኣብ ክልተ ተኸፊሎም ተወዳዲሮም። ንምድብ 'ሀ'፡ 'ረኖ 9' ዝዘወረ በየነ ስምኦን ክዕወተሉ እንከሎ፡ ብጋልፍ ዝተወዳደረ ኣክስ ኑረዲን ሰዒብዎ ኣትዩ። ኣብ ምድብ 'ለ'፡ ኣቤል ምሳየና ቤታ 'ሲቪክ' ዝዓይነታ መኪናኡ ቀዳማይ ኣትዩ። 1300 ሰሲ. ዘለዋ ኮሮላ ዝዘወረ ሙሴ ነጋሽ ድሕሪኡ ኣትዩ። ዓሚ እንኮ ጓል ኣንስተይቲ ብምዃን ተወዳዳሪት ዝነበረት ሰና በረኸት፡ ኣብ ፋልማይ ዙርያ ብሽግሪ ዘጋጠማ ናይ መኪና ጸገም፡ ውድድር ኣይዛዘመትን።

16 ዙርያ ኣብ ዝኸለሉ ናይ 1800 ሰሲ፡ ሮቤል ክብሮም ብዘይተቓጸረ ተዓዊቱ። ሚልኪያስ ጎይተኦ፡ ካልኣይ ደረጃ ሓዙ።

ኣብቶም ጉዳይም ተወዳደርቲ ናይ 2000 ሰሲ፡ ጊላይ ጉብረኣምላኽን ምሉእብርሃን ሰለሙንን ጥራይ ተቐዳዲሞም። ናይ 1800 ሰሲ. ቱርቦ ቮልክስዋገን መኪና ዝዘወረ ጊላይ፡ ንገለ ዙርያታት ክመርሕ ክኢሉ እዩ። እንተኾነ ኣልፋ 156 ዝዓይነታ መኪና ዝዘወረ ምሉእብርሃን ኣርኪቡ ቀዳማይ ኣትዩ።




ብዘይካዚ፡ ከሎም ናይ ጃፓን ፍርያት ዝኾና ያማሃ ሞተር ብሽክለታ ዝዘወሩ ተቐዳደምቲ፡ ኣብ 175 ሰሲን 125 ሰሲን ተመቒሎም ተወዳዲሮም። ፍሰሃ ወሰናም ድማ ሸሞንተ ዙርያ ሸፊኖም። ኣብ 175 ሰሲ፡ ምኽዮና መሓሪ እዩ ጹብለል ኢሉ። እምባዩ ሳሙኤልን ኣልያስ መብራህቱን መድረኽ ደየቦም።

ኣብ 125 ሰሲ. ኸኣ፡ ምሉእብርሃን ሃብተማርያም፣ ንሃብቶም ገብረመስቀልን የኤል ኣልኣዛርን ኣኸቲሉ ተዓዊቱ።




ገለ ካብቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ምግጫው

## ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ጀሚሩ

ሮቤል በረኸት

ሃገራዊ ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ኤርትራ፡ ብቐደሚ ትማሊ 27 ሚያዝያ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ፈሊሙ።

እዚ ኣብ ከተማታት ኣስመራን ከረንን ዝካየድ ውድድር፡ ትሸዓተ ጋንታታት ካብ ዞባ ማእከል ጋንታታት ደንደን ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣልታሕረር ከምኡ'ውን ኣስመራ በረ፡ ካብ ዞባ ዓንሰባ ጋንታታት ዓንሰባን ኣልሂላልን፡ ካብ ዞባ ደቡብ ጋንታ ዞባ ደቡብ፡ ካብ ዞባ ጋሽ ባርካ ጋንታ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ካብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ድማ ጋንታ ኣፍዓበት ይጻወታ ኣለዋ። ካብ ናይ ኣውዲቐካ ምሕላፍ ጀሚሩ ግና፡ ኣብ ከረን ክካየድ እዩ።

ኣብዚ ናይ ሰንበት መኽፈቲ ጸወታ፡ ፈለማ ቀይሕ ባሕርን ዓንሰባን ተጻዊተን። ንቕድሚትን ድሕሪትን ዕረፍቲ ዝዓብለለት ቀይሕ ባሕሪ'ያ ድማ፡ ካብ ኣቤል ወልደእየሱስ ኣብ ሳልሳይን መበል 19ን ደቓይቕ፡ ካብ ቤንሀር ጠዓመ ድማ ኣብ መበል 64 ደቒቕ ብዘረኸበተን ሸቶታት፡ 3-ብ0 ተዓዊታትሉ። ኣቤል ወልደእየሱስ ኸኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ናይ ዝሓለፈ ዓመት ጉብሉ እዚ ውድድር ዝኾነት ደንደን ኣንጻር'ታ ኣብ 2006-7 ዚ. ውድድር ዝተዓወተትሉ ኣልታሕረር ተራኺባ። እዚ ሱሓቢን ጥንቃቐ ዝተሓወሶን ምንቅስቓስ ዝተራእየሉ ጸወታ፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ብዘይ ሸቶ ተዛዚሙ።

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ እታ ሸቶ ክኾና ዝኽእላ ዝበራ ዕድላት ዘጦሸት ደንደን ዘይኮነት፡ ኣልታሕረር'ያ ቀዲማ ሸቶ ኣመዝጊባ። ኣብ መበል 61 ደቒቕ የናታን ተኸስተ ብናይ መኣዘን ቅላዕ ተሃሪማ ዝመጸቶ ኩዕሶ ብርእሱ ንጼፉ ኣመዝጊብዋ። ዝተመዝገበት ሸቶ ዘይትጸበታዊት ዝኾነቶም ተጻወትቲ ደንደን ንምሕዋያ ኣብ ሸበድበድ ኣተዉ። ኣብ መበል 65 ከምኡ'ውን 75 ደቓይቕ ዓንዲ ልዳት ኣልታሕረር ዘሀረሙወን ደማ ዝሓዳ ነይረን። ረሲ. ደንደን ካብቲ ዝበሮ ከምዝወሰኹ፡ ኣብ ማእከል ሜዳ ዝተፈጥረ ዕግርግር ምስክር ነይሩ። ኣከፋፋሊኣ ናህም ታደሰ ምስ የናታን ተኸስተ ብምግርጫዎም፡ ኣብ ወዝቢ ተቐዳሪቲ ክልተኣን ጋንታታት ዝበሩ ተጻወትትን ኣባላትን ንዝተፈጥረ ምስሕሓብ ተጸንበርዎ። ኣብ ማእከል ሜዳ እምባጋሮ ተፈጥረ። እዚ ተርእዮ ክሃድእ ድማ ሰለስተ ደቓይቕ ወሲዱ። ኣልታሕረር ተዓዊታ እናተባህለ ድማ ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ተጻዋታይ ደንደን ሰም ተከኤ ካብ ስዕረት እተናግፎም ሸቶ ኣመዝገበ። 1-ብ1 ድማ ተፈላሊየ። ሰም፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።


ወግዓዊ መኽፈቲ ሻምፕዮን ክለባት ኤርትራ

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ዓንሰባ ምስ ጋሽ ባርካ፣ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ደንደን ብዘካይዳኦ ጸወታታት ክቕጽል እዩ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

**ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ**

ዓንሰባ - ጋሽ ባርካ 2:00 ድ.ቀ

ደንደን - ቀይሕ ባሕሪ 4:00 ድ.ቀ

**ሻምፕዮንስ ሊግ ፍርቂ ፍጻመ ቀዳማይ እግሪ**

ኣርሰናል - ፒኤስጂ 10:00 ድ.ቀ

**ጽባሕ**

ባርሰሎና - ኢንተር ሚላን 10:00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ትራምፕ፡ ሩስያን ዩክሬንን ኣብ ስምምዕ ንምብጻሕ ከም ዝቐረባ ገሊጹ



ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ፍሉይ ልኡኹ ስቲቭ ዊትኮፍ ምስ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ድሕሪ ምዝርራቡ፡ ሩስያን ዩክሬንን ኣብ ስምምዕ ንምብጻሕ ቀሪበን ከም ዘለዋ ኣፍሊጡ።

ትራምፕ ኣቐዲሙ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ ክልቲኣም ወገናት ኣብ ዝበዝሕ ነጥብታት ከም ዝተሰማምዑ ብምግላጽ፡ ክልቲአን ሃገራት ዳግማይ ተራኺበን ውዕል ክዕብራ ጸዊዑ።

ትራምፕ ወሲኹ፡ ኣብ ዩክሬን ዘይተሳተፈትሉ ርክብ "ጽቡቕ ዘተ" ነይሩ ክብል ገሊጹዎ።

ትራምፕ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ቀብሪ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኣቡነ ፍራንሲስ ንምስታፍ ናብ ሮማ ድሕሪ ምእታዉ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሩስያ ኑታ ካብ 2014 ኣትሒዛ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ እትርከብ ሓወሲ ደሴት ክሪምያ ሒዛታ ክትጸንሕ ከም ዝደግፍ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮለድሚር ዘለንስኪ ግና፡ ንርእይቶ ትራምፕ ከም ዝነቐፎ ተፈሊጡ።

ልኡኽ ትራምፕን ፑቲንን ኣብ ሞስኮ ንራብዓይ ግዜኦም ድሕሪ ምርኻቦም፡ ኣማኻሪ ፑቲን ዩሪ ዩሻኮቭ፡ እቲ ዘተ ኣዝዩ ጠቓሚ ከም ዝነበረ ሓቢሩ።

ኣብ መንጎ ሩስያን ዩክሬንን ስምምዕ ምቅራጽ ተኸሲ ምስ ተበጽሐ፡ ብዙሓት እተን ኣብ ትሕቲ ሩስያ ዝርከባ ግዝኣታት ዩክሬን ብዝምልከት ዘተ ክጅመር ምኽንያቱውን ይገልጽ ኣሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ቮሎድሚር ዘለንስኪ ብቪድዮ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ "ሩስያ ብቶኽሲ ደው ንኸተብል ሓያል ጸቕጢ ክግበር ኣለዎ" ክብል ኣተሓሳሰበ።

ፑቲን ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ኩናት ካብ ዝጀምር ንፈለማ እዋን ምስ ዘለንስኪ ንምዝርራብ ድሉው ምኳኑ ምግላጹ ይዝከር።

## ኢራን - ሓደጋ ምፍንጃር ሰባውን ንዋታውን ክሳራታት ኣውሪዱ

ኣብ ሓደ ዓቢ ወደብ ኢራን ብዘጋጠመ ሓደጋ ምፍንጃር፡ ብውሕዱ 40 ሰባት ክሞቱ እንከለው፡ ካልኦት ልዕሊ 900 ድማ ከም ዝቖሰሉ ሰብ መዚ እታ ሃገር ገሊጾም።

እቲ ፍንጀራ፡ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ዓባይ ንግዳዊት ወደብ ሻሂድ ራጃይ ዘጋጠመ ኮይኑ፡ ክሳብ 50 ኪሎ ሜተር ርሒቑ ክሰማዕ ከም ዝኽኣለ ነበርቲ እቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ሚኒስትሪ ወሽጣዊ ጉዳያት ኢራን ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ እቲ ፍንጀራ ካብ ኮንተይነር ናብ ኮንተይነር ብምልሓም ናብ ሰፊሕ ከባቢ ከም እተዘርግሐ ኣፍሊጡ።

ሰብ ስልጣን ጉምሩክ እታ ሃገር ንመንግስታዊ ተለቪዥን ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ እቲ ፍንጀራ ኣብ ሓደ ሓደገኛ ኮሚካላት ዝሓዘ መኽዘን ብዘጋጠመ ባርዕ ዝተበገሰ ክኸውን ከም ዝኽእል ሓቢሮም።

ሓደ ናይ ብሕቲ ኩባንያ ሓይሊ ባሕሪ እዩ በቲ ባርዕ ዝዓነወ ኮንተይነራት፡ ኣብ ምፍራይ ባሊስቲክ ሚሳይላት ዝውዕል ኑዳዊ ዝሓዙ ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ክገልጽ ከሎ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል እታ ሃገር ግና፡ ነቲ መግለጺ ከም ዝጸገ ተፈሊጡ።

ፕረዚደንት ኢራን ማሱድ ፓዝሻኪ ድማ፡ በቲ ፍጻመ ዝተሰምዖ ዓሚቕ ሓዘን ከም ዝገለጸ ተሓቢሩ።

እቲ ፕረዚደንት፡ እቲ ሓደጋ ክምርመር ምኽኑ ብምግላጽ፡ ንሚኒስተር ወሽጣዊ ጉዳያት ናብቲ ቦታ ልኢኹዎ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

እቲ ሓደጋ ፍንጀራ፡ ኢራን ምስ ኣመሪካ ብዛዕባ ኒኩሊራዊ ፕሮግራማ ኣመልኪታ ኣብ እትዘራረበሉ ዘላ እዋን'ዩ ኣጋጢሙ።

እቲ ኣብ ምንታይ ዝቐደድ ዘሎ ዘተ ብጽቡቕ ይቕጽል ከም ዘሎ'ኳ እንተ ተገልጸ፡ ሓደ ላዕለዋይ ልኡኽ ኢራን ግን፡ ነቲ ፍልልይ ንምጽባብ ገና ክግበር ዘለዎ ነገራት ከም ዘሎ ኣመልኪቱ።


ኢራን፡ እቲ ኣብ ልዕሊኣ ተነቢሩ ዘሎ እገዳ እንተ ተላዒሉ፡ ንኒኩሊራዊ መደባታ ብምድራት ኑቲ እተፍርዮ ዘላ ዩራንዩም ኣብ መደባት ልምዓት ከም ትጥቀመሉ ሓቢራ ኣላ።



## ካናዳ - ማኪና ናብ እኩብ ሰብ ጠኒና ብምእታው ጉድኣት ኣውሪዳ

ኣብ ከተማ ቫንኩቨር - ካናዳ፡ ኣብ ግዜ ፈስቲቫል ሓንቲ ማኪና ናብ ህዝቢ ተኣኪቡሉ ዝነበረ ቦታ ጠኒና ብምእታዋ ብውሕዱ 11 ሰባት ተሓምቲሎም ከም ዝሞቱ ፖሊስ ናይ'ቲ ከባቢ ሓቢሩ።

በቲ ዝሓለፈ ቀዳም ምሸት ኣብ ጎደናታት እታ ከተማ ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ካልኦት ብዙሓት ተሳተፍቲ ናይቲ ፈስቲቫል'ውን ከም ዝቖሰሉ ተገሊጹ።



ቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ ማርክ ካርኒ፡ "ኣብዚ መዓልቲ፡ ስድራ ቤታት ሓምም፡ ሓፍተየም፡ ኣቦኦምን ኣደኦምን ስኢኖም ኣለው። እቲ ፍጻመ፡ ኑየም ኣካል ቤተ ሰቦም ዝሰኣኑ ስድራ ቤታት ከም ኣብሀራሪ ሕልሚ ሊይቲ እዩ፡ ስለዚ፡ ንኹላትኩም ጸንዖት ይሃብኩም" ክብል ናይ ሓዘን መልእኽቱ ኣሕሊፉ።

ፖሊስ ቫንኩቨር፡ ነቲ ሓደጋ ዘፈጸመ ወዲ 30 ዓመት መንእሰይ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣእትዩ ከም ዘሎ፡ እቲ ጥርጡር ምስ ግብረ ሽበራውያን ምትሕሓዝ ከም ዘይብሉን ድሕሪ ምግላጽ፡ ነቲ ሓደጋ ክፍጸም ዝደፋፍኦ ምኽንያት እንታይ ምኳኑ ንምፍላጥ መርመራታት ይገብረሉ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

እቲ ላፑ ላፑ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ፈስቲቫል፡ ዓመታዊ ኣብ 27 ሚያዝያ ዝቐደድ ፈስቲቫል ፊሊፒንስ ኮይኑ፡ መዘኻኸሪ ስዉእ ንዘተቓወመ ሃገራዊ ሓርበኛ ንምዝካር ተባሂሉ ዝጽምበል እዩ።

ዓመታዊ ድማ፡ ኣብታ ልዕሊ 100 ሽሕ ፊሊፒናውያንካናዳውያን ዝቕመጡላ ከተማ ቫንኩቨር ብልዑል ደምቀት ከም ዝጽምበል ይፍለጥ።

## ህንዲ፡ ናብ ፓኪስታን ዝዝርጋሕ መስመራት ማይ ክትዓጽዎ ወሲና

ህንዲ፡ ብፓኪስታን ናብ ዝመሓደር ዞባ ካሽሚር ዝዝርጋሕ ማስመራት ሻምብቆ ማይ ከም ትዓጽዎ ድሕሪ ምግላጻ፡ ኣብ ነበርቲ እቲ ከባቢ ስግኣት ፈጢሩ ከም ዘሎ ሮይተርስ ሓቢሩ።

ህንዲ ዝ ስጉምቲ ክትወስድ ምኽንያት ትሕቱብር ዞኑ ኣብ ዞባ ካሽሚር ዝንቀሳቐሱ ዕጡቓት 26 በጻሕቲ ድሕሪ ምቕታሎም እዩ።

መንግስቲ ፓኪስታን ግና፡ እቲ ናብ ግዝኣቱ ዝጭንጭዕ ዝነበረ ማይ ደው ምስ ዝብል፡ ከም ምእዋጅ ኩናት ገይሩ ከም ዝቖጽሮ ኣጠንቂቑ ኣሎ።

ክልተ መንነቶም ክገልጹ ዘይደለዩ ሰብ ስልጣን ህንዲ፡ ሃገሮም ኑቲ ናብ ፓኪስታን ዝኸይድ ማስመራት ሻምብቆ ማይ ብምዕጻው፡ እቲ ማይ ኣብ ናታ ሕርሻን ከተውዕሎ'ኳ ኣብ ውሽጢ 4 - 7 ወርሒ ክዛዘም ዝኽእል ሃይድሮ-ኤለክትሪካዊ ሓጽቢ ብምህናጽ ናብኡ ክትጥቀመሉን መደብ ከም ዘላ ገሊጾም።

ሻቃር ኣሕመድ ዝተባህለ ክኢላ ስነ ቁጠባ፡ ፓኪስታን ኑቲ ካብ 1960 ኣትሒዙ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ፍሉይ ውዕል ምክፍፋል ማይ ፈለግ ኢንዱስ ሽሉል ብምባሉ፡ ህንዲ ንማስመራት ሻምብቆ ማይ ምስ ቀረጸቶ ኣብታ ሃገር ሕጽረት ኤለክትሪክስቲ ከም ዘጋጥምን፡ ንቁጠባ እታ ሃገር ድማ ብኣሉታ ከም ዝጸልዎን'ዩ ዝሕብር።

ሓደ ኣብ ከባቢ ካሽሚር ዝነብር ሓረስታይ ምስ ሓንቲ ጋዜጣ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት ድማ፡ "ህንዲ ማይ ምሃብ እንተ ኣቋሪጻቶ፡ ኩሉ እዚ ቦታን ሃገርን ናብ ምድረበዳ ክቕየር እዩ፡ ንሕና ድማ ብጥሜት ክንመውት ኢና፡ " ብምባል ስግኣቱ ገሊጹ።



## ሰሜን ኮርያ ናብ ሩስያ ወተሃደራታ ትልእኽ

መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን፡ ሩስያ ምስ ዩክሬን ኣብ እትገብሮ ዘላ ኩናት ንምሕጋዝ ወተሃደራቱ ናብ ሞስኮ ከም ዝልኣኸ ገሊጹ።

ኣገልግሎት ዜና እታ ሃገር (KCNA) ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ኪም ጆንግ ኡን፡ ሃገሩ ከም ኣካል ናይቲ ምስ ሩስያ ዝኣተወቶ ውዕል ምክልኻል፡ ወተሃደራታ ኣብቲ ሩስያውያን ኣንጻር ዩክሬናውያን ዘካይዱዎ ዘለዉ ደማዊ ኩናት ኣብ ጎድኖም ብምስላፍ፡ ንሰራዊት ዩክሬን ካብቲ ሒዙዎ ዘሎ ቦታታት ከም ዘልቀቑዎም ሓቢሩ።

ኣብ መራሕትን ዘሎ ብኪም ጆንግ ኡን ዝምራሕ ሰልፊ ሰራሕተኛታት'ውን፡ "ሰሜን ኮርያ ምስ ከም ፈደረሽን ሩስያ ዝኣመሰለ ሃገራት ብሓባር ኮይና ክትሰርሕ ምኽኣላ ዓቢ ክብሪ'ዩ ዝሰምዓ" ከም ዝበለ ተፈሊጡ።

ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲንን ከም ጆንግ ኡንን፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰነ ሃገራቶም ኣብ ግዜ ኩናት ንሓድሕደን ክትሓጋገዛ ዘኽእለን ውዕል ከም ዝኸተማ ዝፍለጥ እዩ።

እቲ ኣገልግሎት ዜና ወሲኹ፡ ንክብሪ እቶም ኣብ ኩናት ዩክሬን ዝሞቱ ወተሃደራት፡ ኣብ ከተማ ፕዮንግያንግ ኣብ ሓጺር ግዜ ሓወልቲ ከም ዝስርሓሉም ገሊጹ።

ሰብ ስልጣን ዩክሬን፡ ሰሜን ኮርያ ኣቐዲማውን 14,000 ወተሃደራት ናብ ሩስያ ልኢኻ ከም ዝነበረት፡ ቀጺላ ድማ ኑቲ ዝጎደለ ሃጓፍ ንምምላእ ተወሰኽቲ 3,000 ወተሃደራት ከም ዘሰገበት'የም ዝኸሱ።

ትካል ስለያ ሰሜን ኮርያ ብወገኑ፡ ኣብ ግዜ ኩናት ዩክሬን - ሩስያ፡ 300 ኮርያውያን ወተሃደራት ክሞቱ ከለው፡ ካልኦት 2700 ወተሃደራት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ዝሓለፈ ጥሪ ሓቢሩ ነይሩ።

ፕረዚደንት ቮሎድሚር ዘለንስኪ ግና፡ ቁጽሪ ዝሞቱ ኮርያውያን ወተሃደራት 4,000 ከም ዝኾኑ'ዩ ክሕብር ጸኒሑ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ በራኺ | 29/04/2025 | ከባቢ ፊያትታሊሎ ፊት ቶታል መዐደሊ ነዳዲ | 07147264 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ     ቁ.ቴሌፎን 127565